# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 32 ዓመት ቁ.223 | ሓሙስ 18 ግንቦት 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ክንዮ ሀዝብን ገድልን ኤርትራ መምህር የለን



ገጽ 3
ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ



ገጽ 4
ዘይክማህ ሃገራውነትና ዋሕስ ናጽነትና




ገጽ 5
ሓጉስ - ምንጪ ላዛ ህይወት



ገጽ 7
ስፖርታዊ ወድድር 'እዚ ምብራቕ' ይቕጽል




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ሰብ-ስልጣን ኣውራጃ ሲሺሁዋን ርክባት ኣካዪዱ





ብዕድመ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ወግዓዊ ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ምስ ላዕለዎት ሰብ-መዚ'ታ ሃገር ዝጀመሮ ርክባት ብምቕጻል፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቐትሪ ናብ ከተማ "ቸንዱ" ብምግዓዝ፡ ምስ ዋና ጸሓፊ ዴሳዊ ሰልፊ ኣውራጃ ሲሺሁዋን - ዋንግ ሺያሁይን ምስ ኣመሓዳሪ'ታ ኣውራጃ ህዋን ኪያንግ ተራኺቡ ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚስተር ዋንግ ሺያሁይ፡ ብስም ዴሳዊ ሰልፊ ኣውራጃ ሲሹሁዋን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ "እንቋዕ ብደሓን መጻእካ?" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ቻይና ዝጐበሮ ዘሎ ዑደትን ምስ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ዝገበሮ ዓሚቕ ዘተን፡ ንታሪኻዊ ዝምድናታት ኤርትራን ቻይናን ዘደልድልን ዘማዕብልን ምዃኑ ኣብሪሁ።

"ኣብ ጉዳይ ታይዋንን ሆንግ-ኮንግን ደገፍኻን ስክፍታኻን ምግላጽካ ነመስግን" ዝበለ ሚስተር ዋንግ፡ ኣብ ሱዳን ዕጥቃዊ ግጭት ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ዜጋታት ቻይና ብመንገዲ ኤርትራ ብሰላም ምውጽኦም፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ሚስተር ዋንግ ኣስዒቡ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዞባ ሲሺሁዋን ዝገበሮ ዑደት፡ ምስ'ቲ ምስ ፕረዚደንት ሺ ዝተበጽሐ ስምምዓት ተደሚሩ፡ ኣብ መጻኢ ንዝህሉ ክልተኣዊ ዝምድናታት ዘበርኽ ከምዝኾውን ጽኑዕ እምነቱ ብምግላጽ፡ ኣውራጃ ሲሹሁዋን ኣብ ህንጻት ትሕተ-ቅርጺ፡ ሕርሻን ቱሪዝምን ክትተሓጋገዝ ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።

ንፍሉይነት ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ኣብ ኣፍሪቃ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡ 14 ልምዓታዊ ቀዳምነታት ኤርትራ ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራቡ፡ ፕረዚደንት ሺ ትግባረኦም ክከታተል ከምእተላበዎ ጠቒሱ፡ "ወፍርታትኩም ጸባሕ ዘይኮነ ሎሚ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም" ብምባል፡ ኣብ ውሽጢ 5 ክሳብ 10 ዓመታት ዝጭበጦ ገስጋስ ክርኤ ዘለዎ ተስፋ ገሊጹ።

ብ16 ግንቦት'ውን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ዑደት ብምግባር፡ ምስ ሓለፍተን ጽዑቕ ርክባት ከምዝካየደ፡ ልኡኽ ሚኒስትሪ ዜና ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ዶ/ር ገርጊስ ተኽለሚካኤል፡ ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ-ሳልሕ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣቶ ጸጋይ ተስፋጼን ተረኺቦም ነይሮም።

# ኣብ ዞባ ማእከልን ን/ዞባ ጸሮናን ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተወዲቡ



ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ከባቢ ጠማምያ ኣብ መደባት ልምዓት ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ማእከል፡ ናይ ንምዝንጋዕ መደብ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ኣዚ እዚ ማእከል ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይን ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ዞባን ካልኦትን ዝተረኽቡሉ - ብ13 ግንቦት ዝተኻየደ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ቅንያት ናጽነት ምስ'ቶም ወፍሪ ርእሱምክልኻል ዓሚሞም ናብ ልምዓት ዘቕንዑ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምጽምባሉ፡ ፍሉይ ትርጉምን መቕረትን ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ንመደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ቀዳምነት ብምሃብ፡ ብዕዙዝ ተሳትፎ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ ጠማምዮ፡ ዓዲ-ሓወሻ፡ ዓዲ-ቀን ኣፍደዩን ንኣሽቱን ማእከሎትን ዲጋታት ይስራሕ ከምዘሎ ድማ ኣብሪሁ።

ኣብ ዞባ ደቡብ እውን ህዝቢ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ ኣብ ተመሳሳሊ ልምዓታዊ መደባት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ናይ ምሳሕ እንግዶት ብምግባር ኣተባቢዑ።

እቲ ብዝተበገሶ ነበርቲ 15 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተወደበ መደብ፡ ምስጋና ንምቕራብን ኣብ ጉድኖም ከምዘለዉ ንምርግጋጽን ዝዓለመ ምዃኑ፡ ወደብቱ ገሊጾም።

ኑቶም ኣባላት ሰራዊት ወከሉ ቃል ዘስምዐ ካፒተን ማዕቀባይ ሰለሙን "ሓያል ህዝቢ ሓያል ሰራዊት ይፈጥር፣ ሓያል ሰራዊት ድማ ድሕነትን ሰላምን ህዝብን ሃገርን የውሕስ" ድሕሪ ምባል፡ ነበርቲ ንዘወሰድዎ ተበግሶ ሞጊሱ።

**ቅያ ስጡም መሰረዕ!**

# ክንዮ ህዝብን ገድልን ኤርትራ መምህር የለን

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ኣብ'ዛ ዓለምና፡ ሃይማኖት ክጸዋ ውልቃዊ እምነት፡ ከም ቀንዲ መጣጥሒ ስልጣንን መተግበሪ ፖለቲካዊ ዕላማን ዝኸውን መሳርሒት ተራእዩ እዩ። ፖለቲካዊ ምዝመዛ ኣብ ሃይማኖት፡ ሎሚ እውን እንተኸፈ፡ ብመርገጺት ወዲት ተሓላሊኹ፡ ንሰናይ ከም ዝጣበቕ እናተመደረለ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ሓዊ ኣብ ምዝራእ ይርከብ።

ኣብ ዐለቱ እንሰምዖ ሃይማኖት ዝመጣሽሉ ናይ ቅትለትን ዕንወትን ዜናታት፡ ጠንቂ ኣብ መንጎ ሰብ ሃይማኖት ዘይኮኑ፡ ኣብ'ቶም ድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዘዳህሉ፡ ብህልቂትን ምንቕቓትን ደቂሰብ ኣብ ኮረሻ ረብሓ ተወጢሖም ኪጋልቡ ዝደልዩ እዩ ዘለዉ።

ብፖለቲካዊ ዕላማ ዝጠለቁ ሃይማኖታዊ ግርጭታት፡ ቀደምን ሎምን ዳርጋ ንዝጠዘለ ክፋል ዓለምና ጠሚያም እዮም እንተ ተባሀለ ምግናን ኣይኮነን። እቶም ኣቕዲሞም ዝተቐሰሉ፡ ቦታ ክኸልእዎ እንከለዉ፡ እቶም ንሽሞኦ ዝበለ መርዚ ክፉታት ኰይኖም ዝጸንሑ ግን፡ ሓደ ዓይነት መጽሓፍ እናኣንበቡ ከይተረፈ፡ ሰብ ደም ኰይኖም ኣብ ጽልኢ ይነብሩ ኣለዉ።

ኣብ ታሪኽ ዓለምና፡ ሃይማኖት ካብ ፖለቲካዊ መሳርሒ ወጻኢ ዝኾነሉ እዋን እንተ ነይሩ ውሑድ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። እቶም ካብ'ዚ ሰራም ዝኾነ ናይ ሓድነት መርዚ ክድሕኑ ዝኸኣሉ ከኣ፡ ንቕሓት ዓጢቖም ዝጸንሑ ጥራይ እዮም።

ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን ብጎዛእቲ ሓይልታትን ተለኣኣኽቶምን ብሃይማኖታዊ ፍልልይ ክትናወጽን ጥምረታ ተፈራሪሹ ኢዳ ክትህብን ዝተሓርየት ሃገር ምንባራን ምፍናን ኣብ ናይ ቀረባ ታሪኽ ክንዕዘብ ንኽእል ኢና። ርሑቕ ከይከድና፡ ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሰን ደገፍቱን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ንኸእቱ፡ ማዕረ'ቲ ናይ ሰራዊትን ኣጸዋሩን ሓይሉ፡ ሃይማኖታዊ ጽልኢ ኣብ ምፍጣር እጃገኦ ሰበሰቡ እዩ ሰሪሖ። ኣብ መንጎ ተኸተልቲ ሃይማኖት ክርስትናን ምስልምናን ብዘሰወሮ ጽልኢ፡ ክሱብ እዋን ናጽነት፡ ዓይንን ሓመድን ኰይኖም እናተዛመቱን እናተቓተሉን ዝቐጸሉ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ምርኣይና፡ ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ። ንቕሓት ኣብ ዘውሕደሉ እዋን፡ ሃይማኖት፡ ቀንዲ መናቈቲ ህዝብታት ናይ ምኳን ተኽእሎኡ ዓቢ. ምኳኑ ዝገዝእቱ ሓይልታትን ውልቀ ሰባትን ዚ. ሃገፍ ኣብ ምምዝምዛ ክጋደዩ እዮም ዝርአዩ። ስርዓት ደርግ እውን ጽንዓት ሰውራ ኤርትራ ዘይንደል ዓረ ምስ ኰኖ፡ ብሃይማኖት ኣብሉ ክሱብ ዝጅምር፡ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ከሰዐ ኣብ ዝኽእል ከበድ ሓደጋ ምንባሩ ናይ ነዊሕ እዋን ዛንታ ኣይኮነን።

ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ገድሊ ዝተፈጥረ ሓይሊ ምኳኑ እምበኣር፡ ንስለ ክልተ ወይ ብዙሓ. ውድባት ኣይነበረን። ጸቢብ ኣተሓሳስባታት ነቒሉን ሓጺቡን እንኮ ናይ ናጽነት ሓይሊ ክኸውን ዝበቕዐ እውን ዚ. ሓደኛ መርዚ ኣለልዩ መርገጺት ውዲት ሰብ እኩይ ስለ ዝበታተኸ እዩ። ኣብ ምትእኽኻብ ክሃገጽ ክኢሉ፡ ቋንቋኡ፡ መቓልስቱ፡ ሃገሩ፡ ህዝቡ፡ ናጽነቱ. . . ጥራይ እዩ ነይሩ። እዚ እንተ ዘይነውን ነይሩ፡ ከም'ዚ ዕሉታዊ እንሰምዖ ዜናታት፡ ዜና ኤርትራ እውን ዜና ህወከትን ቅልውላውን ዜና ሞትን ዕንወትን ምኾነ።

ሰብ እኩይ፡ ነቲ ሰራም ናይ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ፍልልያት ክኣጉዱ እንተ ኸኢሎም፡ ንሓዋሩ ክከዝኡን ክየዝብዑን ከም ዝኽእሉ ጸቡቕ ገይሮም ስለ

እቲ ዘሕዝን እቶም መኣዝኖም ምስ ጠፍኦም ውሻጠኦ ኣብ ዘይፈለጡዎ ሃይማኖት ሃንደፍ ኢሎም ዝኽተቡ፡ ባዕላቶም ነቲ ዝሕረዱሉ ሴፍ የብልሑ ምህላዎም ዘይምፍላጦም እዩ። መሳኹቲ ንቕሓት ኣእምሮኦም ብዓንከራ ኢጋፊርቲ ምስ ተደፍኑ፡ ብኣጉል ሃይነይታ ሰኺሮም፡ "ኣብ ምድሪ እንክለና ዝጸደቕና ኢና" እናበሉ ክሰብኩ ምፍታኖም ድማ ዝገደደ። ጊሓት ዝተኸትብ 'በዓል ሃይማኖት እየ' በሃላይ፡ ኣብ ረፍዲ ወጺኡ መሰረት ብዘይብሉ ምጉት ክሰብኽ ምህላኹ፡



ኣእሻሹ ንኽዝርኡ ቀላን ከቦሳን "ቀላማው እና ደጋማው" ክብል ዘይፈተነ ኣይኮነን።

ታሪኽ ብረታዊ ገድሊ. ህዝቢ. ኤርትራ፡ ስለ ሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ. ኤርትራ ከበድ ቃልሲ. ክሶር ዝተሓተተ፡ ነቲ ውዲተኛታት ዝተኸሉዎ እኩይ ንምምሓው እዩ ነይሩ። ኣብ ፈለማ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ. ኤርትራ፡ እዚ. ጽልዋ'ዚ. ኣሰሩ ዘየጽንሐ ኣይኮነን። ሰውራ ኤርትራ፡ እናተሓቖፍን እናተበላልዐን ብሃገራዊ ኣተሓሳስባ ዝበሰሉ ደለይቲ ናጽነት ክሰለ. እዋን ገድሊ፡ ዓለምና ብሃይማኖታዊ ግጭታት እናተሓመሰት፡ ብጎዛእቲ ሓይልታት ዝሰወር ሃይማኖታዊ ምትፍናን ኣብ ዝዕረገሉ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ንኹሉ ድሕረ ሃገራዊት ኣተሓሳስባን ተግባርን ቦታ ዘኸልእ ደሴት ሃገራውያን ደለይቲ ናጽነት ንኽፈጥር ዝሓለፎ ጸቦ 'ዳግም ኣየርእየና' ዘብል እዩ። ልዕሊ'ቲ ብብረት ዘተየደ ደማዊ ውግእ፡ ንቑሓት ሃገራውያን ኣብ ምምልማል ዝሕለፎ ቃልሲ. ይቕድምን ይኸብድን። ምኽንያቱ እቲ ናይ ዓወት መሰረት ኣብ ሓድነትን ሃገራዊ ፍቕርን ጥራይ ስለ ዝበረኸ ስለ ዝኾነ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ብዮዛበሪ ዝጸድቀ ብጹኣን ቃልሲ. እዩ ኣፍርዩ። ተጋዳላይ፡ ምስ ጸሎት ውዓሉ፡ ምስ ጸሎት ዝሓድር ኣይነበረን። ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር፡ ምእንቲ ወጹዕን ግዙእን ህዝቢ. ኣብ ዕሉታዊ ውግእ ተጸሚዱ ዝሰዋእን ዝጸድቐን እምበር፡ ከም'ቶም ኣብ ዕሉታዊ ጸሎትን ስግኣኖን ተጸሚዶም ሓጥያት ዘዋህልሉን እኩይ ዝተትዑን ኣይኮነን። ኣብ ኣብያተ-ክርስትያናን መሳጊድን ተደፊኦ ጸሎት እናመረጸ ሰሰናዩ ብትምኒት ክበጽሖ ኣይኮነን ነይሩ ራእኡ። ነታ ዝኾነ ይኹን ህያብ ዘይዳረጋ ትንፋሱ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ስለ ሓፋሽ ህዝቢ. እናወደቐ እዩ ክጸድቕ ነይሩ። ደም ዝሸትትን ደም ዝጥዕምን ናብራ እናኣሕለፈ እዩ ሓድነት፡ ሃገር፡ ናጽነት. . . ኣወሒሱ።

ኩሉ ጉዕዞኡ፡ ኣብ'ቲ ንጎዛእቱ-ነብሱ በይዛ ዝጉብር ጉደና ንጸህናን ግብሪን እዩ ነይሩ። "ዓወት ንሓፋሽ" ኢሉ ሓሪዱ - ብስጋይ ስጋካ ተማቒሉ ዝምገብ ንቑሕ ሃገራዊ እዩ። ወዲ ሃይማኖተይ፡ ወዲ ብሄረይ፡ ወዲ ቀቢላይ፡ ወዲ ዓደይ. . . ዝብሉ ግዜ ዝሓለፎምን መሳርሒ. ጎዛእቲ ዝኾኑን ሓረጋት፡ ክጸዋ ንቕሓት ስለ ዝቐሓለሞ፡ ዋጋ ናይ ዘለዎም ሰባት ውድብ ወይ ዝጥዝዘቡን ታሪኽ ዓለምና እውን ስለ ዝመዛርምን፡ ቀንዲ ኣጸዋሮም ክዝበሩዎ ካብ ምፍታን በኹሮም ኣይፈልጡን። ብሰሪ'ዚ፡ ሓያሎ ህዝብታት ዓለምና ግዳይ ኰይኖም እዮም። ካብ ኤርትራ ግን፡ ሳላ'ቲ ኣብ ቀረዐ ፍልልያት ተጠጢቑ ዝበሰለ ገድሊን ጽንዓት ህዝብን፡ ሽውሃት ደለይቲ እኩይ ከየዕገበ እዩ ተኣልዩ። ኣብ መውዓእታኡ ከኣ ሓዳድ ናጽነት ንሱ ጥራይ ምንባሩ ኣረጋገጸ።

ምእንቲ ሃገርን ህዝብን፡ ምእንቲ ሓርነትን ናጽነትን፡ ኣስላሙ ክርስትያኑ፡ ኮተሊኹ ከዜናኡ፡ ናብ ሓደ ዕላማን ብሓደ ኣንፈትን ተጓዒዙ። ብተረር መንፈስ ሃገራዊነትን ብጺይነትን ተጠሚሩ፡ መንደል ድርዒ ጸላኢቲ ክኸውን በቒዑ። ከም'ዚ. ዝበለ መንፈሱ ንህዝቢ. ኤርትራ ብቐሊሉ ዘይርከብ ንጹህ ህያብ ክኸውን እንከሎ፡ ንደለይቲ እኩይ ግን ከበድ መርድእ እዩ።

ሎሚ፡ ይትረፍዶ ሓደ ሃይማኖት ምስ ካልእ ሃይማኖት፡ ሓደ ሃይማኖት'ኳ፡ ከም ቃንጥሻ በቒሉ እናሓደረን ጨናፍር እናኣብቘለን ወይ ካልኦት እናጫጨሐን ህዝቢ. ሓያሎ ሃገራት ኣብ ዝፋለሰሉ ዘሎ ግዜ፡ ህዝቢ. ኤርትራ ኣብ ጽኑዕ ሃገራዊነት ሰሚሩ ክነብር ዝኸኣለ ህዝቢ. እዩ። ገድሊ. ኤርትራ፡ ንና ኣብ'ቲ ጋህጻጽ በረኻን መረር ናብራን እንከሎ፡ ክንደይ ገፊጥ-መፊጥ ጸራሪት - መንገዲ ሓድነትን ሃገራዊነትን ኣጣጢሑ እዩ ናጽነት ዓዲ ዘእተወ። እቶም ቀላዲ ኣቐቢሎም ግዝጻሃጽ ዝበሉ ጓህሪ ክሱብ ዝናኸስ ኣድኒቦም ዝጸበዩ ሓይልታት፡ ገና - ቀልቦም ካብ ትጻቢት ኣዒንቶም ካብ ምቁማት ኣየዕረፉን። ሓንቲ ባህገም፡ ሰላምን ሰላምን ካብ ህዝብታት ጨሪሱ ንኽሰወር እዩ። ሃረርታኦም፡ ኣብ ልዕሊ. ብደም ዝጋጨቡ ህዝቢ. ተኾይጦም ምዝማትን ምርጋጽን እዩ።

ካብ'ቲ ንጎዛእ-ርእሱ ዘርብሓ ንቕሓት ምጥፋእ ምድሪ ከም ዝረሓቐ ዘመልክት እዩ። እቶም ሃንደስቱ፡ ኣብ ደገ ኰይኖም ብዕሽነት ሰዓብኦም ካዕካዕ ኢሎም ክስሕቑ እንከለዉ፡ እቲ ብዘይኣፍልጦ ዝተገርዘ ድማ፡ ናብ ላዕሊ. እናኣቃዕረረ ናብ ህንም ገጹ የንሸራትት ምህላዉ ክርእዮ ኣይክኣለን።

ዓለምና ሎሚ፡ ብረብሓን ብዘይፍላጥን ዝተቖጽሩ ሓያሳት ሰጦኮ በዚሖምዋ ኣለዉ። ኣእምሮ ህዝብታት እናሻዕ ይኸትሕኳሕ እዩ ዘሎ። መርዝብ ሃይማኖታዊ ውዲት፡ ኣብ ሓያሎ ህዝብታት ዓለም ህውከት ይንስንስ ከም ዘሎ ብጋህዲ እንርእዮን እንሰምዖን ዘሎና እዩ። እንተ ንህዝብን ገድልን ኤርትራ ግን፡ ብዛዕባ ሃይማኖትን እንታይነቱን ክምህሮም ዝኽእል የለን። ምኽንያቱ፡ ናይ ናጽነት ገድሊ. ኤርትራ፡ ንሃይማኖትን ኣንፈቱን ኣብ ሶፉን ብመጸሕፍቲን ዘይኮኑ፡ ኣብ ሰፊር ኣራዊት፡ ብደምን ትንፋስን እዩ ተማሂሩዎን ፈሊጡዎን። ክንደይ'ቲ ዝፈለጦ ኸኣ፡ ንሃይማኖት፡ ዓሌት፡ ብሄር. . . ጸባቒ ምኽንያት ብዮዛበሪ ኣርእዩ።

ኣብ ዝሓለፈ. ናይ መጎዛእቲ ዓመታት ይኹን ኣብ'ዚ. ዘለናሉ እዋን፡ ንምስሊ. ህዝቢ. ኤርትራ በቲ ግናይ መልክዕ ናይ ህዝብታት ክርእዩዎ እናተጸበዩ፡ ገድሊ. ህዝቢ. ኤርትራ ግን፡ ወሀድ ሕብሪ ህዝቢ. ኤርትራ እዩ ኣርእዩወን - ንኣዒንቶም። ሕብራዊ ምስሊ. ህዝቢ. ኤርትራ ክጅብርቑ ንዝተላዕሉ፡ እኩይ ዝሕወሱሉ መሳኹቲ ከሊኡዎም። ክጸዋ ህዝቢ. ኤርትራን ተጋዳላይን - ንሃይማኖታዊ፡ ዓሌታዊ፡ ዓዳዊ. . . ውዲትን ኣተሓሳስባን ዝሰበረ የለን። ብዙሕነት ናብ ሰሪትን ሓድነትን ኣብ ምቕያር፡ ንህዝቢ.ን ተጋዳላይን ኤርትራ ክምህር ወይ ክመርሕ ዝኽእል እውን የለን።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ


ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅያ ስጡም መስርዕ!

# ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ



(7ይ ክፋል)

ሰሎሙን በርሀ

## ምምስራት ግንባር ናቕፋ

እቲ ካብ 1979 ክሳብ 1988 ኣብ ዝበረ 9 ዓመታት ሓያል ምርብራብ ዝተኻየደሉ ግንባር ናቕፋ ኣብ እዋን ሳልሳይ ወራር ኣብ ፈለማ ኣዋርሕ 1979 እዩ ከም ናይ መወዳእታን ቀዋሚን ዕርዲ ተመስሪቱ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣፍዓበት ድሕሪ ምልቃቑ፡ ፈለማ ኣብ ከበቢ ሩባ ሕዳይ እዩ ዓሪዱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጸላኢ ንግብረ-ሃይል 506-ለ ካብ ከረን ክሳብ ኣፍዓበት ኣብ ዝርከብ ቦታታት ሓለዋ ገዲፉ፡ ግብረ-ሃይል 508 ምስ 506-ሀ ተደሪቡ፡ መካናይዝድ ብርጌዳትን ኣሰሊፉ፡ ብመዳፍዕ ታንክታትን ነፈርትን ተሰንዩ ከይወዓለ ከይሓደረ እግሪ እግሪ ህዝባዊ ሰራዊት ብምስዓብ ሕዳይ በጺሑ። ካብ 2 ክሳብ 4 ለካቲት 1979 ድማ ኣብ ሕዳይ ብርቱዕ ውግእ ተኻየደ። ሰራዊት ጸላኢ፡ ብናይ ክንዲ መጥቃዕቲ ብናሮ ኣብሉ ንናቕፋ ብቐሊሉ ክሓቱ ከምዝኽእል ስለ ዝተገመተ ከኣ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሩባ ሕዳይ ገዲፈን ናብ ኣፍደገ ናቕፋ ብምስሓብ፡ የማን ጸጋም ስትራተጂያዊ እምባ ደንደን ብምዕራድ፡ ናይ መጨረሽታ መከላኸሊ መስመረን ሓዙ። እቲ ድሕሪኡ ጸላኢ ክጥሕሶ ዘይከኣለ ጽኑዕ ግንባር ናቕፋ ድማ ተመስረተ። ክሳብ 9 ለካቲት ጸላኢ ደንደን ንምሓዝ ተደጋጋሚ ፈተነ እንተኻየደ እኳ ተመኪቱ ዘፍ በለ።

ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ከበቢ ናቕፋ የማኑ ጸጋም ናይቲ ስትራተጂያዊ እምባ ደንደን ኣብ ዝዀረደሉ ፈለማ እዋን ብጸጋም ብርጌድ 58፣ ኣብ ማእከል ብርጌድ 51፣ ብየማን ብርጌድ 8 ዓሪደን ነበራ። ካብ ማዕምሪደ ተበጊሳ ናቕፋ ዝኣተወት በጦሎኒ 70.2 እውን ኣብቲ ግንባር ነበረት። በጦሎኒ 76.3 ከበድ ብረት ከኣ ከም ወጠብት ደገፍ ኣብ ብምሉኡ'ቲ ግንባር ተዘርጊሓ ነበረት።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ደጀን ዝበረ ኣቓሑ ግና ኣይገዝኡን ነበሩ። ቀንዲ መስመር ጸርግያ ጉሬቶ ብደርግ ተዓጽዩ ስለዝበረ ከኣ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ንበረቱ ናብ ውሑስ ቦታ ንምግዓዝ፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ፈጺሙ ንሓይሊ ጸላኢ ካብ ጉሬቶ ጸሪጉ ኣውረዶ። ንበረቱ ድማ ናብ ቀብርወኣት፡ ገርግርን ተብሕን ኣውጽኦ። ክሳብ 10 ለካቲት ከኣ መኸተ ቀጺሉ። ብድሕሪዚ በጦሎኒታት ብርጌድ 70 ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ናብ ናቕፋ መጺአን ኣብ መንጎ ብርጌድ 51 ከምኡ'ውን ብርጌድ 8 ዓረዳ።

ህዝባዊ ሰራዊት፡ የማን ጸጋም እምባ ደንደን ዓሪዱ መከላኸሊ ዕርድታት ክደልድል ግዜ የድልዮ ነበረ። እንተኾነ ጸላኢ እምባ ደንደን ንምቁጽጻር ብቑጻሊ የጥቅዕ ስለዝበረ ህዝባዊ ሰራዊት ቀሰኑ ደፋዓቱ ከደልድል ዕድል ኣይረኸበን። ቅሩብ እስትንፋስ ንምርካብ ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብ13 ለካቲት ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣፍደገ ናቕፋ ዘቑሕቑሕ ዝበረ ወራሪ ሰራዊት ጸላኢ፡ ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ክሳብ 15 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ናብ ሩባ ሕዳይ ኣጽዲፉ ክሳብ ኀቦ እተሓሉበዘ ደፍኡ። ሰራዊት ደርግ ከበድ ሰብኣዊ ክሳራ ተሰኪሙ፡ ሓንቲ ቲ-55 ታንኩ ኣብ እግሪ ዓቕበ ናቕፋ ገዲፉ ክሃድም ተቐሲቡ። እዚ ጸረ-መጥቃዕቲዚ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ዘሰንበደ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ሰራዊቶም ዛሕዛሕ ኢሉ ብዙሕ ጠበናጁን ብሬናትን ዝተማረኸሉ ዓቢይ ፍጻመ ነበረ። በዚ ድማ መኸተምታ ሳልሳይ ወራር ኮነ።

ክሳብዚ መድረኽዚ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝተመስረተ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ጸጋም ናብ የማን፡ ታባብልሓት (እንዱዱባ)፡ ታባ ተኣማመን፡ ቀይሕመሬት፡ መርከብና፡ ታባ ሰላም፡ ፊደል-T፡ (ንናቕፋ ኣብ ዝድይብ ጸርግያ ዝርከብ)፡ ሪገሌ፡ ግሎብ፡ ዋንጫ፡ ደንደን፡ ፈርጌሎ (ሩባሞያ)፡ ናኸሬ፡ ቴስታ እዩ። ኣሰላልፋ ኣሃዱታት ከኣ ካብ ጸጋም ንየማን ብርጌድ 58፡ ብርጌድ 51፡ ብርጌድ 70፡ ብርጌድ 77 ዓሪደን ነበራ። ፊት ንፊት ናይዚ ደፍዓት'ዚ ዝበረ ዕርድታት ጸላኢ ከኣ፡ ካብ ጸጋም ንየማን ፊት ተኣማመን ዝርከብ ኩርባ፡ ጨጓር ታባ፡ ታባ ዓመልቶ፡ ሩባ ሕዳይ፡ ጓል ደንደን፡ ሓሬና፡ ጸብይት፡ ቀብር ጻዕዳ ኩይኑ፡ ኑቲ ግንባር ብምሉኡ ሒዝዎ ዝበረ ግብረሃይል 508 እዩ። እቲ ሽዑ ዝተመስረተ መከላኸሊ መስመር ጽብብ ዝበለ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዝቐጸለ ግጥማት ግን ምስ ነፍሲ ወከፍ ምንቅስቓስ ጸላኢ የማን ጸጋም እናተመጠ፡ ኣብ መወዳእታ ምስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ግንባር ሓልሓልን ባርካን ብዘይቡሩት ተኣሳሲሩ ንውሓቱ 667 ኪ.ሚ. በጺሑ እዩ።

## ምርብራብን ወራራትን

ንሰርዓት ደርግ፡ ናቕፋ ምቁጽጻር ወተሃደራዊ ዕላማ ጥራይ ዘይኮኑ ፖለቲካዊ ዕላማ እውን ነበሮ። "ሰውራ ኤርትራ ኣብቂዑ'ዩ" ክብል እንተኾነይኑ፡ ብዘሸካ መገዲ ናቕፋ ክትተሓዝ ነይሩዋ። ናቕፋ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ክሳብ ዘለወት፡ ንተጋደልቲ ምሉእ ብምሉእ ደሚሰስዮም እየ ክብል ዘኽእል ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ግንባር ናቕፋ ኣፍረሰ፡ ናቕፋ ንምእታው ከሎ ግና እዩ ተሃንዲዱ። 6 ለካቲት 1979 ከኣ ናይ መጀመርያ ከበድ ውግእ ኣብ ቀዋሚ ዕርድታት ናቕፋ ተኻየደ። ካብ 6 ክሳብ 11 ለካቲት 1979 ኣብዚ ሓደሽ ግንባር ለይትን መዓልትን ብኸበድ ደብዳብ ነፈርቲን መዳፍዕን ዝተሰነየ ዕረፍቲ ዘይብሉ ውግእ ቀጺሉ። እምባ ደንደን ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጉሉሕ ቦታ ዝሓዘ ካብዚ እዋን'ዚ ጀሚሩ እዩ። ብወተሃደራዊ ስትራተጂ ደንደን ምሓዝ ማለት ከተማ ናቕፋ ምቁጽጻር ማለት ስለ ዝበረ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ጸላኢ ብቐጥታ ኣብ ደንደን ኮነ የማን ጸጋም ዝፍንዎ ዝበረ መጥቃዕቲታት፡ ነዚ ስትራተጂያዊ እምባ'ዚ ምሓዝ ነበረ። ብምሉኡ ከበድቲ ኣጽዋር ጸላኢን ተዋጋእቲ ነፈርቲን ከኣ ቀዳማይ ታርጌቱ ደንደን ነበረ። ኣብዚ ናይ ሳልሳይ ወራር ፈተነታት ጸላኢ፡ ኣብ ዕርዲ ደንደን ኣብ ውሸጠ ሓደ መዓልትን ለይትን ክሳብ 15 ህጁማት ዝፈተኑ መሪር ውግእ ተኻይዱ ነይሩ። እንተኾነ እምባ ደንደን ን9 ዓመታት መመላእታ ከይተደፍረ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ትእምርቲ ጽንዓትን ጅግንነትን ተጋደልቲ ኮይኑ ዝጸንሐ ዕርዲ እዩ።

### ራብዓይ ወራር (30 መጋቢት - 11 ሚያዝያ 1979)

ስርዓት ደርግ፡ ከምቲ ናይ ሳልሳይ ወራር፡ ኣብ ራብዓይ ወራር እውን ከበድ ተቓውሞ ከጋጥሞ ምኽኣ ብምዝንጋዕ ንወርሒን ፈረቓን ቅልጡፍ ሰብኣውን ሎጅስቲካዊን ምቅርራብ ገበረ። ብ30 መጋቢት 1979 ከኣ ራብዓይ ወራሩ ኣበገሰ። ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ኣተሓሕዛ ደፋዓት ህዝባዊ ሰራዊት ካብቲ ናይ ሳልሳይ ወራር ብዙሕ ፍልልይ ኣይነበሮን። ካብ ጸጋም ንየማን ካብ ታባብልሓት ጀሚሩ ክሳብ ቴስታ (ከበቢ ቤት-ሕመድ) ዝዘርግሐ ክኸውን እንከሎ፡ ዕርዲታት ጸላኢ ከኣ ብመዝጸሩ ካብ ዓመልቶ ክሳብ ጸብይት ዝዘርግሐ ነበረ። ኣሰላልፋ ብርጌዳት እውን ለውጢ ኣይነበሮን። ጸላኢ ግን ኣብ ርእሲ'ቲ ዝበረ ግብረሃይል 508 (501ን 502ን ግብረሃይልታት ኣብ ኣቑርደት ምስ በጽሐ ተዋሃሂደን ዘቑምዋ ግብረ-ሃይል እዩ) ካብ ከረንን ኣስመራን ኣኻኸቡ 506-ሀ ዝበሃል ንኣስ ግብረሃይል ወሰኸ። በዚ መሰረት ብጸጋማይ ክንፊ 508 ግብረሃይል፡ ብየማናይ ክንፊ ከኣ 506-ሀ ንውግእ ተሰለፉ።

ብዘይካ'ዚ ብደረጃ በጦሎኒታት ዝተወደበ ዓቢ ሓይሊ ናይ መድፍዕ ታንኪ፡ ጸረ-ኣየር፡ ተወንጫፊ ሮኬት (በኤም-21) ወዘተ ደገፍ ኣሃዱታት'ውን ኣሰሊፉ ነበረ። እቲ ከበድ ጸቕጢ ዝፈጥር ናይ ሓይሊ ኣየር ደገፍ ከኣ ኣብ ርእሲ'ዚ እዩ። ይኹን'ምበር ድሕሪ ምምስራት ቀዋሚ ግንባር ናቕፋ፡ ውግእ ኣብ ጉቦታት ስለዝኾነ፡ ሰራዊት ደርግ ታንክታት ከም ድሌቱ ከንቀሳቕስ፡ ብመካናይዝድ ጸብለልትኡ ክንፌ ክፈጥር ዘኽእሎ ጉላጉል ኣይነበሮን። እቲ ዝዓበየ ጸብለልትኡ ናይ መዳፍዕን ነፈርቲን ነበረ።

ራብዓይ ወራር ካብቲ ቅድሚኡ ዝበረ ወራራት ዝፈልዮ፡ ጸላኢ፡ ግድን ፊት-ፊት ገጢሙ ደፋዓት ተጋደልቲ ክጥሕስ ስለ ዝበሮ እዩ። ኣብዚ ወራር'ዚ ብናቕፋ ዝወፍረ ሰራዊት ደርግ፡ ክልተ ተልእኾ ሓዙ ተበገሰ። ቀዳማይ ተልእኾ ብፊደል-T'ን ፈርጌሎን በሲዑ፡ ኑቲ ግንባር ንየማን ጸጋም ገሊሁ ከበብ ክገብር፡ እቲ ካልኣይ ተልእኾ ድማ በቲ ዝተበሰዐ ቦታ ሓሊፉ ናቕፋ ድሕሪ ምቁጽጻር፡ ብፍጥነት ንቅድሚት ንደጀን ገጹ ተወንጨፉ ምስቲ ብኣልጌን ገይሩ ናብ ደጀን ህ.ግ. ክኣቱ ዝተበገሰ ሓይሊ ተራኺቡ፡ ብስልቲ ማሕጉዳን መድሻን ንህዝባዊ ግንባር ምሉእ ብምሉእ ምጭፍላቕ ነበረ።

ድሕሪ ናይ ኣስታት ወርሒን ፈረቓን ዳግመ ምውድዳብ፡ ሰራዊት ደርግ ነዚ ስልቲ'ዚ ሒዙ ብ30 መጋቢት 1979 ብጽዑቕ ደብዳብ መዳፍዕ፡ ቢ.ኤም. ወንጨፍቲ ሮኬታትን ነፈርትን መጥቃዕቲ ጀመረ። ድሕሪቲ ንራብዑቲ ዝተኻየደ ብርቱዕ ደብዳብ ከኣ ብ1 ሚያዝያ ብኸሉ ኩርናዓት ግንባር ናቕፋ ሰብኣዊ ማዕበል እናተጠቐመ ተደጋጋሚ ናይ ጥሕሰ ፈተነታት ኣካየደ። እቲ ናይ ጥሕሰ ወጥን ብቐንዱ ብዕርዲታት ፈርጌሎን ፊደል-T'ን ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ደርግ ክጥቀመሉ ዝኽእል ሜላ ውግእ፡ ጽዑቕ ደብዳብን ማዕበላዊ መጥቃዕቲን ምዃኑ ድሮ ገሚቱዎ ስለ ዝበረ፡ ከምቲ ድሑሩ ዝተሃንጸ ድልዱል ዕርድታት እኳ እንተዘይነበሮ፡ ብመጠኑ ጎናጉዲ ከዒቱ፡ መተሓለሊፊ ካናሌታት ሰሪሑ ነበረ።

ኣብዚ ወራር'ዚ ሰራዊት ደርግ ንሓጺር እዋን፡ ኣብ መንጎ ብርጌድ 51 ብርጌድ 58 ዝበረ ሰንጭሮ፡ ካብ ፊደል-T ንየማን ጥሒሱ ግሎብ ንእትበሃል ዕርዲ ተቖጻጺሩዋ ነበረ። እንተኾነ ብሓይሊ ምርብራብን ጸረ-መጥቃዕትን ተደፊኡ ተመልሰ። እቲ ውግእ በብመዓልቱ እናደኸመ፡ ብ11 ሚያዝያ ኣብቅዐ። ዕርድታት ናቕፋ ፍጹም ዘይድፈር ምዃኑ ተረጋገጸ። ቅኑዕነት ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ድማ ኣብዚ መድረኽዚ ተጋህደ።

### ሓሙሻይ ወራር (14-26 ሓምለ 1979)

ድሕሪ ፍሽለት ራብዓይ ወራር፡ ደርግ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት መኸተ ኣመና ሓያል ምዃኑ ብምግንዛቡ፡ ወራር ቅድሚ ምብጋሱ ክምዝምዝ ዝኽእል ድኸም ጉድኒታት ከጽንዕን ዓቢ ምቅርራብ ክገብርን ኣስታት ሰለስተ ወርሒ ወሰደ። ኣብ መደብራት ታዕሊም ካብ ዝበሩ ሓደስቲ ሚሊሻያ ከምኡ'ውን ካብተን ካብ ግንባራት ወጻኢ ዝበራ ኣሃዱታት ሰራዊት ብምድራብ፡ ዓቕሙ ኣደልደለ። ኣቃውማ ኣሃዱታቱ ግን ኣይቀየረን። ግብረ-ሃይል 506-ሀ፡ 508 ምስ ተደረብቲ ኣሃዱታተን ኣብ ግንባር ናቕፋ ነበራ። ግብረ-ሃይል 503፡ ምስ ሰለስተ ኣጋር ብርጌዳትን መካናይዝድ ብርጌድ 28 ከኣ፡ ካብ ደብዮት ዥፎሉ ከጥቅዕ ተዳለወ።

ኣብዚ ወራር'ዚ ደርግ፡ ብየግንባራት ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ዝመጥጥን ዘኽፋፍልን መጥቃዕቲታት እናካየደ፡ ሃንደበትነት ተጠቒሙ ብከበቢ መንደዓት ንሕኑናቕ ወሪዱ ናብ ጎልጎል ኣግራዕ ብምውራድ ንጽርግያ ኣግራዕ ዓጽዩ፡ ብድሕሪት ብሕመድ ዲብላይ ተጠውዩ ንግንባር ናቕፋ ከፍርስ፡ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ድማ ካብ ናቕፋ ብምብታኽ ብድሕሪት ከጥቅዮ እዩ ወጢኑ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብከበቢ ድፋዓት ፈርጌሎን ደንደንን ብጽዑቕ ደብዳባትን ማዕበላዊ መጥቃዕቲታትን ናይ ምጥሓስ ወጥን ነበሮ። ኣሰላልፋ ሰራዊቱ፡ ግብረ-ሃይል 506-ሀ ከምኡ'ውን ግብረ-ሃይል 508 ምስ ተደረብቲ ኣሃዱታት፡ ፊት-ፊት መጥቃዕቲ ፈጺሞም ናቕፋ ክቆጻጸሩ፡ ሓደ ክፋል ግብረ-ሃይል 503 ኣግራዕ ቀሪጹ፡ ጽርግያ ሕመድ ዲብላ ተኸቲሉ ንናቕፋ ክኸብቡ፡ ካልኣይ ክፋሉ ድማ ጽርግያ ናቕፋ-ወጀባ ተኸቲሉ፡ ምስቲ ብኣልጌን ዝተበገሰ ግብረ-ሃይል 505 ብምርኻብ፡ ኣብ ክልቲኡ ግንባራት ዓሪዱ ንዝበረ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ድርብ ከበባ (Double encirclement) ክኣቱ ዝዓለመ ነበረ።

እዚ ቀልጢፉ እንተዘይሰለጠ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ብምራቕ ሳሕልን ዝርከብ ከበቢታት ሕዳቕ ኣግራዕን ኣፍጨዋይን ብቐዋምነት ተቖጻጺሩ፡ መስመር ዕደላ ግንባር ናቕፋ (ጽርግያ ኣግራዕ) በቲኹ፡ ኣብ ኣፍጨዋ ብፈርቲ ተወሲኺ ሰራዊት ብምውራድ፡ ኣብ ውሽጢ ደጀን ሓደገኛ ከኒታት ምፍጣር ከም ካልኣይ ዕላማ ተታሒዙ ነበረ። ነዚ መደብ'ዚ ንምትግባር ርእሱ ዝኸኣለ ሓይሊ ስለ ዘድለዮ ኣብ መስመር ዒጽ ኣብ ሓለዋ ዝበረ ንኣሰ ግብረሃይል 503-ለ ዘድሊ ምውድዳብ ብምግባር፡ ብምርሳ ጉልቡብ ኣቢሉ ኣፍዓበት ከምዝኣቱ ገበረ። ብ8 ሓምለ ከኣ ንኩብኩብ ሓሊፉ ንፈልከት ገጹ ኣምረሐ። 11 ሓምለ ደብዮት ምስ በጽሐ ድማ'ዩ ዒላማኡ ብንጹር ዝተጋህደ።

ብወገን ህዝባዊ ሰራዊት፡ እዚ ስርሒት'ዚ ብብቑዓት ንምክልኻል፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ካብ ዝበረ ደባይ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዝበዝሐ ዓቕሚ (2 በጦሎኒ ናይ ብርጌድ 44 ምስ ሓንቲ ሓይሊ ናይ ከበድ ብረት) ናብ ቀዋሚ ግንባራት ሳሕል ከምዝመጻእ ተገይሩ ኣብቲ ዒላማ ጸላኢ ክኸውን ከምዝኽእል ዝተገመተ ቦታታት ከምዝሕዝ ተገብረ። ኣብ ቀዋሚ ግንባር ዝበረ ኣቃውማን ኣሰላልፋን ኣሃዱታት ግና፡ ከምቲ ናይ ራብዓይ ወራር ነበረ። ይኹን እምበር፡ ክሰራታት ንምውሓድ ደፋዓት ብዘይልደለ ኣገባብ ተሃኒጹ፡ ንሓድሕዱ ብናይ ተኸሲ ሽፋን ከም ዝተሓላለ፡ ተጠባበቕቲ ኣሃዱታት ኣብ ቀረባን ውሑስን ቦታ ተዓቒበን ብምጽናሕ ዘድሊ ሜላታት ተኣታትዩ ነበረ።

ሓሙሻይ ወራር፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብ14 ሓምለ 1979፡ ብጽዑቕ ደብዳብ ጀመረ። ጸላኢ ንየማን ክሳብ ሰዋራ ዝመጥጥ እናመሰለ ካብ ደንደን ንየማን ብፍላይ ኣብ ከበቢ ደፋዕ ፈርጌሎ፡ ብርጌድ 77 ዓሪዳትሉ ዝበረት ቦታ ብማዕበላት ናይ ሰብ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነወ። በቲ ቀንዲ መኣዝን መጥቃዕቲ፡ ደርግ ንግብረ-ሃይል 503-ለ ካብ ደብዮት ብምንቅስቓስ ሰንሰለታዊ ተረተር ደብረ ጥሉልን ኀቦ መጸደግን ተቖጻጺሩ፡ ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ዝበረ ሓይሊ ከይንቀሳቐስ ከበድ ደብዳብ እናፈጸመ መጥቃዕቲ ጀመረ። ግብረ-ሃይል 503-ለ ንጉልጎል ኣግራዕ ብምውራድ ጽርግያ ንምቁጽጻር ዘዕየደ ሓያል መጥቃዕቲ ካልኦት ኣሃዱታት ጸላኢ እውን ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ደፋዓት ንምፍንጣስ ዘዕየድኦ ህልኽ ዝመልኦ ምርብራብ፡ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ተረር መኸተ ገጢሞ። እቲ ውግእ ክሳብ 18 ሓምለ ቀጺሉ። ጸላኢ ከምቲ ዝወጠኖ ክሰልጦ ኣይከኣለን። ብሳልሳይ ግንባር ዝመጸ ሓይሊ ጸላኢ እናተዳኸመ ምስ ከደ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብ22ን 23ን ሓምለ ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ፡ ንኣዚ ግብረሃይል 503 ኩሉኤል ካሳ ንብረማርያም ብምቕታሉ፡ ኑቲ በዚ ማእዝን'ዚ ዝወፈረ ሰራዊት ጸላኢ ምሉእ ብምሉእ ደምሰሶ፡ እቲ ሓደሽ ግንባር ከኣ ድሕሪ ናይ መዓልታት ውግእ ከም ግንባር ኣብቅዐ።

ድሕሪ ፍሽለት 3ይ ግንባር፡ ሓምሻይ ወራር ከም ዘብቅዐ ርዱእ እኳ እንተነበረ፡ ደርግ ግን ብየማናይ ክንፌ ግንባር ናቕፋ ንሽንኽ ኣርህጹትን ሰዋራን እናማጠጠ ንኣሸቱ ናይ ዓቕሊ ጸበት ፈተነታት ቀጺሉ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ነዚ ፈተነታት'ዚ ብምምካት፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርግ ከበድ ክሳራ ምስ ኣውረደ ከኣ፡ ጸላኢ ናብ መበገሲ ቦታኡ ክምለስ ተቐሲቡ፡ ሓምሻይ ወራር ብ26 ሓምለ 1979 ኣብቅዐ። ኣብ ራብዓይ ወራር፡ ግንባር ናቕፋ ንየማን ክሳብ ፈርጌሎ ጥራይ ዝዘርጋሐ ዝበረ፡ ኣብ ሓምሻይ ወራር ደርግ ብዘዕየዶ ናይ ምምጣጥ ፈተነ፡ የማናይ ግንባር ናቕፋ ክሳብ ሰዋራ ተዘርጊሑ።

ይቕጽል

# ዘይክማህ ሃገራውነትና ዋሕስ ናጽነትና

ዘርኢት ወልደየሱስ



ሃገር ወዲ ሰብ ክፈጥሮ ዝኽእል ዝዓበየ ውዳብ ኮይኑ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን እቲ ዝለዓለ መግለጺ መንነት ውልቀ ሰባትን ሕብረተሰብን እዩ። ሓቂዩ ልዕሊ ሃገር ዝኸይድ ጥርናፈታት ንምፍጣር ይፍተንዩ። ዛጊት ግን ልዕሊ ሃገርነት ጸብለል ዝበለ መንነት ክፈጥር ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ሓያል ሃገራዊ ጥርናፈ ኣብ ምፍጣር ዘይተዓወቱ ብዙሓት ሕብረተሰባት ኣለው። ኤርትራውያን ካብ ካልኦት ብታሪኻዊ ድሕረባይታ ዝመሳሰሉና ሕብረተሰባት ዝፈልየና፡ ብቐንዱ፡ እቲ ሪዚን ዋጋ ከፊልና ክንሃንጾ ዝኸኣልና ዘይክሞህ ሃገራውነት እዩ።

ኣብ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና ዝርከብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ ታሪኹ፡ በጠኽበኡ ብዘበሮ ጥርናፈ፡ ብኸሉ ኩርናዓት ንዘመጹ ወረራት ብጅግንነት እናመከተ ህልውኡን ቀጻልነቱን ርስቱን ክዕቅብ ዝኸኣለ ህዝቢ እዩ። እዚ ናይ መኸተ ባህሊ'ዚ ዝተፈለየ ኩነት- ኣጅምሮን ከቢያዊ ጥርናፈን ኣብ ምፍጣር ዓቢ ኣበርክቶ ነይርዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፡ ኩነት ናብራኡ ብዘፍቅዶ ሓድሕዳዊ ርክብ ዝበሮ ብትውልዲን መውሰቦን ዝተኣሳሰረ'ዩ። ቀቅድሚ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ህዝቢ'ዚ ከቢቢ ብወረራትን ባህርያዊ ሓደጋታት ከም ደርቅን ወረር ኣንበጣን ንኽበድ ጸገም ኣብ ዝተቓልዓሉ ግዜ ከኣ ብቐሊሉ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ክወድቕ ክኢሉ። በዚ ምኽንያት ኤርትራ ከም መብዛሕትኦን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብመግዛእቲ ዝቖመት እያ። ኣብ ዝተፈላለየ ከቢያዊ ምሕደራ ዝጸንሐ ህዝቢ ኤርትራ ተጠርኒፉ ከም ሓደ ህዝብን ሃገርን ክመሓደር ዝጀመረ ካብ ድሕሪ 1890 እዩ። ካብዚ እዋን'ዚ ንድሓር ብዙሓት ማሕበራዊ ለውጥታት ብዝመሓለፎ ማሕበራዊ ሃገራዊ መንነት ክፈጥር ክኢሉ።

ኢጣልያ ን50 ዓመታት ኣብ ዝገዝኣትሉ፡ ንረብሓታታ ክትብል ዘተኣታተወቶ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ለውጥታት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ኣብ ዕዮርናን ሸቐለትን ካልእ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ንጥፈታት ክራኸብን ኣጸቢቑ ክፋለጥን ኣኽኢልዎ'ዩ። ኤርትራውያን ኣብ ዕዮርና ተሰሊፎም፡ ኢጣልያ መግዛእታ ንምስፋሕ ኣብ ከም ሊብያ፡ ሶማል፡ ኢትዮጵያ እተካየዶ ዝነበረት ወፍርታት ክሰተፉ ከለው፡ ኣብቲ ከቢድ ናይ ዕዮርና ህይወት፡ ኣብ ሓድሕዶም ዝነበረ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን፡ ኣብ ጽንኩር ውግኣት ተዓዊቶም ንምውጻእ ዘርኣይዎ ዝነበሩ ጅግንነትን ሓድሕድ ናይ ምትብባዕ ብጺያዊ ስምዒትን ኤርትራዊ ሃገራውነት ኣብ ምህናጽ ናቱ ግደ ነይሩዎ። ኤርትራውያን ኣንጻር ጭቆናን ዓሌታዊ ኣገዛዝኣን ኢጣልያ ዝነበሮም ጽልኢን ተቓውሞን እውን ሃገራዊ ንቕሓት ክዓቢ ደሪኹዎ'ዩ። ተቓውሞ ደቀባት ዘስዓቦ መግዛእቲ ኢጣልያ ንበዝሓት ኤርትራውያን ይቐትልን የጋፍዕን ክሳብ ናብ ደሴት ናኹራ እናወሰደ ይሕይሮም ነይሩ እዩ።

ነዊሕ ሰሪት ዘለዎ ባህሊ ዘይተንበርካኽነት ኤርትራውያን ግና በዚ ኣይተጸዕደን። መኸተ ኣንጻር ኢጣልያዊ መግዛእቲ ከኣ ሃገራውነት ካብ ዘዕዘዙ ረቛሒታት ሓደ እዩ። መግዛእቲ ኢጣልያ ዋላ'ኳ ኮነ ኢሉ ንኤርትራውያን ዝወሃብ ትምህርቲ ካብ 4ይ ክፍሊ ከይሓልፍ ሓጺርዎ እንተነበረ፡ እቶም መጠኑ ትምህርቲ ቀሲሞም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ጽሕፈታት ዝሰርሑ ዝነበሩ ናይቲ እዋን'ቲ ምሁራት ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ጽልኣት ክምዝሕደሩ ገይሩዎም እዩ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ከኣ ኣብ ሃገር ዝዓሰለ ንቕሓት ክፈጥር ክኢሉ።

ኢጣልያ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ድሕሪ ምስዓራ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ እያ ኣትያ። እንግሊዝ እቲ ኩናት እናተኻየደ እንከሎ ንኤርትራውያን ናጽነት ክወሃቦም ምዃኑ ተሰፋ ብምሃናቕ ከምዝተሓባበሩዎ ገይሩ እዩ። በዚ፡ ተሰፋ ዝረኸቡ ኤርትራውያን ድማ፡ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ብምምስራት፡ ንናጽነት ዝዓለመ ናይ ፈለማ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣበጊሶ። ምምሕዳር እንግሊዝ ግን ናቱ መደብ ነበሮ። ንኤርትራ ናብታ ግዝኣቱ ዝነበረት ሱዳንን ናብ ኢትዮጵያን መቐሊ፡ ከም ሃገር ካብ ካርታ ዓለም ክሓክዩ ሓሰበ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ንሓድሕዶ ዘይቃዶ ዕላማታት ዝነበሮ ኩነት፡ ፖለቲካ ኤርትራ ዝተፈላለየ ኣንፈታው ክሕዝ ጀመረ፡ ኢትዮጵያ ብደገፍ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኤርትራ እጅታይ እያ ዝብል ሕቶ ከተቕርብ ከላ፡ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ድማ በቲ ዝወሃቦም ማሕበራት ኣቢሎም ናጽነት ጠለቡ። ገለ ውሑዳት ውልቀሰባት ግና ብኢትዮጵያ እናተመወሉ ናይ ሕብረት ሓሳባት የስፍሑ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ፡ ንሰለ ስትራተጂያዊ ረብሓ ኣመሪካ ተባሂሉ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁርን ተወሰነ።

ደሴት ኤርትራውያን ንምፍላጥ ዝተኻየደ ናይቲ ግዜ'ቲ መጽናዕትታት ከምዝረጋገጾ፡ ደሴት ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት እዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ፡ "ብዓይኒ ፍትሒ ርኢዮ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ እኳ እንተነበረ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ኣመሪካን ዓለማዊ ጸጥታን፡ ኤርትራ ምስታ መሓዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁርን ግድን ገይሩዎ ኣሎ" ክብል ነቲ ሓቂ ገሊጹዎ እዩ። በዚ ኣተዓራቒ ዝመስል ናይ ፌደረሽን ብይን ድማ ደሴት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ተኸልፈ። ፌደረሽን ምርጫ ኤርትራውያን ኣይነበረን። ኢትዮጵያ እውን ንፌደረሽን ከም ኣፍደገ ንምሉእ ኀቦጣ ትርእዮ ነበረት።

ኤርትራውያን ፌደረሽን ምስ ቆሙ፡ ንውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሎም፡ ብቕንዕና ክዋስኡን ፌደራላዊ ድንጋገ ዘፍቅደሎም መሰላት ክጥቀሙን ፈቲኖም ነይሮም። እንተኾነ ዕላማ ኢትዮጵያ ቀስ ብቐስ ፌደረሽን ምፍራስ ስለዝነበረ ዘይምርድዳእ ክኸሰት ግዜ ኣይወሰደን። ኢትዮጵያ ብመንገዲ እንደራሴኣ ኣድ እናኣእተወት ፌደረሽን ዝፈርስሉ ኩነታት ተጣጢሓ ነበረት። ኤርትራውያን ድማ ነዚ ጥሕሰት'ዚ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ክቃወምዎ ፈቲኖም፡ ግን ሰሚዒ ኣይረኸቡን። ተሞኩሮ እዋን ፌደረሽን ከኣ ኤርትራውያን ብዝተፈለየ ኣገባብ ተወዲቦም ቃልሶም ክቕይዱ ምሂርዎም። ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓርካ) ብምምስራት ከኣ ብምስጢር ተወዲቦም ናይ ናጽነት ቃልሲ ኣበገሱ። ኣብ ውዳበታት ሓርካ ትሕተ ሃገራዊ ስምዒታት ኮነ ኣቃውማታት ኣይነበረን። እዚ ድማ ቅድመኡ ዝተሓልፈ ተሞኩሮ ዝፈጠሮ ንቕሓት እዩ። ሓርካ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ኣብ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ዓቢ ጽልዋ ክተሕድርን ሃገራውነት ክትክትክስን ክኢላ እያ። የጉዳስ ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ከረጋግጽ ዝኽእል ዝተማልኣን ብቑዕን ስትራተጂ ኣይነበራን። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ድማ፡ ናጽነት ኤርትራ ብሓይሊ ብረት ጥራይ ከም ዝረጋገጽ ዝኣምን ውድብ ተ.ሓ.ኤ ተፈጠረ።

ከም ኣካል ናይዚ ተበግሶ'ዚ ጅግና ስውእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ኣብ መስከረም 1961 ኣብ ጎቦ ኣዳል ምጅማር ሰውራ ኣበሰረ። ክቱር ሃንቀውታ ናጽነት ዝነበሮ ህዝቢ ከኣ ብምሉእ ልቡ ንሰውራ ክድግፍ ጀሚሩ። መንእሰያት ናብ ሰውራ ውሒዙ። ይኹን እምበር፡ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ካብቲ ኣብ ኣርባዕታት ዝነበረ ፈላላዪ ፖለቲካ ዝረሓቐ ኣይነበረን። ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ናይ ምምቕቓል ኩነታት ከኣ ነቲ ቃልሲ ከሰንሮ ኣይከኣለን ጥራይ ዘይኮነ ንምዕባለ ሃገራዊ መንነት ብኣሉታ ጸልዩዎ'ዩ። በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ተላዒሉ። ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝተኻየደ ቃልሲ ግን ወጻኢት ኣይሃበን። ካብ ተሓኤ ተፈሊኻ ናይ ምቕላስ ሓሳብ ኣበገሰ። እቶም ናጽነት ኤርትራ ብሃገራዊ ሓድነት ጥራይ ክረጋገጽ ከምዝኽእል ኣሚኖም ቃልሲ ንምቕጻል ካብ ተሓኤ ዝተፈልዩ ሰለስተ ወገናት፡ ኣቐዲሞም ብዘተፈጥረ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ኣብ ሓደ ሓሳብ ንምምጻእ ግዜ ወሲዱሎም እዩ። ድሓር ግን ሰሚሮም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ማስረቱ።

ህዝባዊ ሓይልታት ድሓር ህዝባዊ ግንባር ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብምውዳብ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ዘሳትፍ ንጹር ዕላማን ስትራተጂን ፕሮግራምን ሓንጺጹ'ዩ ተበገሰ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ህዝቢ ጸዕቂ ናይ ምንቃሕ ምውዳብን ምዕጣቕን ፖለቲካዊ ስርሓት ኣካየዱ። መግዛእታዊ ስራዊት ካብ መሬት ኤርትራ ንምጽራግ ዝዕላማኡ ህዝባዊ ኩናት መረሐ። መላእ ህዝቢ ብዘይ ኣፈላላይ ወገኑ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ማሕበራዊ ቦታ ብምውዳርት ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ከምዝሳተፉ ብምግባር ሃገራዊ መንነት ኣሐይሉን ኣደሚቑን። ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ፖለቲካውን ማሕበራውን መሰላት ክሕሎ ተቓለሰ። ሃገራዊ ንቕሓትን ሓድነትን ንትሕተ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ጸብለል ዝበለሉ ባይታ ፈጠረ። በዚ ድማ ልዑል ህዝባዊ ደገፍ ተጎናጸፈ፡ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ኣብ ሰራዊት ይኹን ኣብ ማሕበራት መንእሰያት፡ ተማሃሮ፡ ሸቃሎ፡ ሓረስቶትን ደቀንስትዮን ተወዲቡ ንሰውራኡ ብኹሉ መዳይ ከድልድሎ ዕድል ተፈጥረሉ። ጎደኒ ጎደኒ ወተሃደራዊ ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ንሓፋሽ ብበቐጻሊ ብምውዳብን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስራሕ ብምክያድን ሱር ዝሰደደ ማሕበራዊ ቁጠባዊን ባህላውን ለውጢታት ከረጋግጽ ክኢሉ።

ማሰፍናዊ ኣተሓሳስባ ዝነበረ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ፈጠረ። ኣብ ጉዳይ ምርግጋጽ ማዕርነት ደቀንስትዮ፡ ኣረኣእያ ሕብረተሰብ ብምልዋጥ ዓቢ ኽንኽስ ኣመዝገበ። ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ በቲ ዝተፈጥረላ ባይታ ኣብ መድረኽ ሰውራ 30% ናይቲ ዝነበረ ተጋዳላይ ብምሽፋን ብዮዝበሪ ማዕርነታ ከተረጋግጽ ክኢላ። ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብፍላይ ድማ ኣብ ትምህርቲን ጥዕናን ዝመጸ ለውጢ ንሓፋሽ ካብ ድንቁርናን ድሕረትን ከም ዝናገፍ ገይርዎ። እዚን ንዕኡ ዝመስልን ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ለውጢታት ሰውራ ኣብ ምብርታዕን ምዕዋትን ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ። ድሕሪ ሓያል ቃልስን መስዋእትን ህዝቢ ኤርትራ ብጉጅኡ ቅልጽሙ እታ ንዊሕ ሃንቀው ዝበላ ናጽነቱ ክጭብጥ ክኢሉ። ህዝባዊ ረፈረንደም ብምክያድ ድማ ብ99.8% ድምጺ እወ ንናጽነት ሃንቀውታ መላእ ህዝቢ ጋህዲ ኮይኑ። እዚ ሓደ ዘመን ዝወሰደ፡ ኩሎም ወለዶታት ኣብ መመድረኾም ሪዚን መስዋእቲ ዝኸፈልሉ ሃገርነት ኤርትራ፡ ሎሚ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብዕምቆት ዝሰረተ እዩ። እዚ ድማ እዩ ሃገርነት ኤርትራ ብዘተኣማንኒ ጸብለል ከምዝበል ዝገበሮ።

ድሕሪ ናጽነት በቶም ኣብ ሰውራ ዝተኸሰኸሱ መትከላትን ክብርታትን ብዙሕ ዓወታት ክንሃናጸፍ ክኢልና ኢና። ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ብንጹር ሰፊሩ ዘሎ መትከል ርእሰኻ ምኽኣል ማሰረት ብምግባር፡ ኣብ ኩሉ ከበባታት ብዕላማ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝቕ ምዕባለ ንምምጻእ ዝተኻየደ ወፍራ ሎሚ ወጽኢቱ ኣብ ኩሉ ከበባታት ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ ዝዛረብ እዩ። ሃገር ንኹሉ ሕብረተሰብ ማዕረ ከም እትብጽሖ ብቓላት ዘይኮነ ብግብሪ ዘርእዮ ስራሕ።

ድሕሪ ናጽነት ዝተኣወጀን ኣብ ግብሪ ዘውዓለን ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ነቲ ኣብ ሰውራ ዝተፈጥረ ሃገራውነት ናብ ሓድሽ ወለዶ ብምትሕልላፍ ሃገርነት ኣብ ምድልዳል ዝለዓለ ግደ ዝጸወተ ዘሎ እዩ። ከምኡ ብምኻኑ ድማ እየም ጸላእትና ሳዋ ክትጥቀስ ከላ ርእሶም ዘሕምሞም። ኣርሒቖ ዝጥምት መራሕቲ ዝቐየሱ ኣብ ሳዋ ተወራሪሱ ዝቐጽል ዘሎ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ናይ ምዕኳኽ ባህሊ ዘይትድፈር ሓያል ሃገር ፈጢሩ እዩ። እዚ ኣብ ምዕያይ ሰዩትን ቀትርን ከይተሓለለ ዝሰርሕ ዘሎ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ድማ ክብርን ምስጋናን ይግብኦ።

ኤርትራዊ ሃገራውነት እምበኣር ብደምን መስዋእትን ዜጋታት ኣብ ነዊሕን መሪርን ናይ ቃልሲ ዘመን ዝተሃንጸ ታሪኻዊ ክውንነት እዩ። ብቐዓቱ ድማ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ እዩ። እዚ ማለት ግን ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ተወዲኡ እዩ ማለት ኣይኮነን። ሃገራውነት ኣብ ነዊሕ መስርሕ ዝህነጽ ኮይኑ፡ መስርሕን መወዳእታ የብሉን ሓይሊ ምኽኣ ኣሚንና ክሓሊዩሎን ክንደፍኣሉን ይግባእ። ኤርትራ ሎሚ ትማሊ ጸባሕ ኣብ ልዕሊኣ ካብ ዝመጸኣ ሓደጋታት ክትድሕን ናይ ሰራዊት ሓይሊ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ህዝቢ ፍቕርን ሃገራዊ ሰሪትን ወሳኒ እዩ።

ሓደ ህዝቢ ንዘለዎ ብዙሕነት ፈለጡን ኣኽቢሩን ብፍቕርን ምትሕግጋዝን ክነብር ከም ዝኽእል ህዝቢ ኤርትራ ንንረባበቲ ሃገራት ኣብነት'ዩ። እዚ ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ስምረት፡ ብጣዕሪ ዝዓደለ ዘይተነ ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝተሃንጸን ብሓያል ቃልሲ ዝተረጋገጸን'ዩ። ኣብ ኤርትራ ተሃኒጹ ዘሎ ዘይክሞህ ሃገራውነት ሕጂውን ቀንዲ መለለዪ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኮይኑ፡ ዝነበረ እሉት ዋሕስ ናጽነትና ኮይኑ ክቕጽል እዩ።



# ፍናዎት

ዳህላክ ነጋሲ

## ሓጐስ - ምንጪ ላዛ ህይወት

ህይወት፡ ማንታ ገጽት ዝሓዘ ምዕራፋት ትውንን። ሕማቕ ጸቡቕ፡ ጸበባ ራህዋ፡ ርኽበት ስእነት፡ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል። እዞም ገጽት እዚኦቶም፡ ምንባር ክሳብ ዘዩቋረጸካ ዘጋጥሙኻ እየም። ብሓፈሻ፡ ጉዕዞ ህይወት ደቂ-ሰብ ብምርጫታትና ዝተቐየሰ እዩ። ምናልባት ሓደ ሰብ ናብዛ ዓለም ክመጽእ እንከሎ፡ ወለዱ፡ ሃይማኖቱ፡ ሕብረተ-ሰቡን ካልእን ክመርጽ ምርጫ ዘይወሃቦ ይኾኑ። እንተኾነ፡ ከም ሰብ ክሓስበን ክመዛዝንን ምስ ጀመረ፡ መምርሒ ፍቓድ ህይወቱ ኣብ ኢዱ ጨቢጡ፡ ኮምፓስ ህይወቱ ናብ ዝማእመአ ኣንፈት ክቕንዮ ስልጣን ኣለዎ። ኑቲ ዝተዋህቦ ስልጣን ተጠቒሙ ድማ፡ ብንጹር ዕላማን ራእይን ዝተመርሐ ሰላምን ሓጐስን ዝመልኦ ህይወት ክመርሕ፡ ወይ’ውን ኣንጻርዚ ክጉዓዝ እቲ ውሳኔ ኣብኡ ባዕሉ’ዩ።

ምንባር፡ ኣብ ህይወት ክትበጽሖ ናብ እትደሊ ደረጃ ንምብጻሕ እትገብሮ ቃልሲ’ዩ። ወጽኢት ናይ’ቲ ጥምጥም ወይ ቃልሲ ድማ፡ ሕጉስን ዕጉብን ንምኻን ዝዓለመ እዩ። ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ሕጉስ ክኸውን ዘይደሊ ሰብ የለን። ምኽንያቱ፡ ምንባር ሓንሳብ ዘይድገም ስለዝኾነ። ሓጐስ ስኡ-ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ሰላም ምውናን ማለት’ዩ። ከም ወጽኢቱ፡ ኣብ ህይወትካ እወታዊ ርድኢት ክህልወካ ይሕግዘካ።

ካብ ግዳም ዝመጽእ ወይ ዝምንጩ ሓጐስ የለን። እቲ ሓቀኛ ሓጐስ ካብ ውሽጥኻ’ዩ ዝፍልፍል። ውሽጣዊ ሰላም፡ ካብ ግዳም ማለት ካብ ሰባትን ነገራትን ክትረኽቦ ምሕሳብ፡ ዝይትረኽቦ ወትሩ ሃሰው ምባል’ዩ ፋይዳኡ። ሓጐስ፡ ንእትውንኖ ኣተሓሳስባ፡ ባህሪ፡ ልምዲ፡ ሓያልን ድኹምን ጐድንታትካ ከም ዘለዎ ተቐቢልካ፡ ናብ ረብሓኻ ቀይርካ ህይወትካ ሩፍታ እትረኽበሉ መንገዲ ብምንዳይ’ዩ ዝርከብ። ንውሽጣዊ ሰላምካ ክምንዝዖካ ዝኽእል ዝኾነ ፍጡር የለን። ኣብ ቀረባኻ ምስ ዘለዉ ሰባት ጥቡቕ ዝምድና ክህልወካ ይኽእል’ዩ። እንተኾነ፡ ንምርጫታትካ ክወስኑልካ ቦታ ኣይትሃቦም።

ተመራመርቲ ስነ-ልቦና፡ ሓጐስ ሓደ ካብ ቀንዲ መቐረት ህይወት ምዃኑ’ዩም ዝገልጹ። ብኢኡ መንጽር፡ ኣገዳስነቱ ማስረፈ ኣልቦ ይኾውን። ንውሽጣዊ ሓጎስካ ጎሲኻ ምንባር ዝከኣል ኣይኮነን። ብተፈጥሮ ዝተዋህበካ ትዕድልቲ ስለዝኾኑ ክትገሰዮ ኣይግባእን። ዚ ተረዲእካ ቀጺሊ ንኽትውንኖ ትቃለስ እንተሊኻ፡ ወጽኢት እዚ ስሉሓሳብዚ ንህይወት ዚያዳ ትርጉምን መቐረትን ዘለዋ ክትከውን የኽእል። ብተወሳኺ፡ ሕጉስ እንተኾንካ፡ ለዋህ ወናኒ ኣካላዊ ጥዕናን ስምዒታዊ ሩፍታን ትኸውን። ከምኡ’ውን ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳትካ ተበላሓታይ ማስተውዓሊ፡ ጻዕረኛን ፍሱህን ክትከውን ይሕግዘካ። ብሓፈሻ፡ እዞም




ዝተገልጹ ባህርያት፡ ናብ መንገዲ ዓወት ክትጽንበር ዕድል ዝኸፍቱ እዮም።

ገለ ሰባት፡ ካብ ሰድራቤቶም፡ ኣዕሩኽቶምን መሳርሕቶምን ተዛሊሎም፡ ኣብ ዝፈጠርዋ ናይ ብሕቲ ዓለሞም ክነብሩ ደረኣዩ እዮም። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ካብ ብዙሕ ላዛታት ህይወት ከም ዝሕረሙ ይገብርዎም። ምስ ሰባት እትምስርቶ ዝምድና፡ ጸቡቕ ናይ ምብህዛልን ምቕባልን ድልድል ኣብ መንጎኻ ንኽትምስርት’ዩ ዝሕግዘ። ምስ’ቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ጽቡቕ ዝምድና ፈጢርካ ተኻፋሊ ሓጎሶም ክትከውን የኽእለካ ማለት’ዩ። ሓጐስ ብዘተፈላለየ መንገዲ ኣብ መንጎ ሰባት ክሰጋገር ይኽእል። ንኣብነት፡ ኣብ ገለ እዋን ናይ ገዛእ ርእሰኻ ደስታ ጨቢጥካ፡ ንኻልኦት ሰባት’ውን ሓጐስ ኣብ ገጾም ክትፈጥረሎም የኽእለካ። ብኣንጻርዚ ድማ፡ ሓጐስ ኣብ ውልቀ-ሰባት ይኹን እኩብ ህዝቢ ምስ ዘይህሉ፡ ግዚፍ ዕንወት ከስዕብ ይኽእል።

ሓጐስ ብንዋት ኣይትመነን’ዩ። ሓጐስ ብሃገራት ዝዕየር እንተዝኸውን፡ እቶም ክትግምቶ ዘጸግም ርእሱማል ዘውንኑ ሱቡጳጋ ዓለምና፡ ኣዝዮም ሕጉሳት ሰባት ምኾኑ ነይሮም። ኣብ ባይታ ግን እቲ ሓቂ ብኣንጻርዚ ዝተጠቕሰ እዩ። እቶም ብስእነት ውሽጣዊ ሰላም ዝተጠቕዑ፡ ብጽምዋ ዝተበልዑን ብስእነት ጥዕና ዝሳቐዩን ሰባት፡ ምሉእ ብምሉእ’ኳ እንተዘይተባህለ፡ ንሳ’ቶም እቶም ወሃንቲ ግዙፍ ሃብቲ ኲይኖም ከም ዝርከቡ’ዮም መጽናዕትታት ዝገልጹ።

ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝርአ ተደጋጋሚ ፍጻመታት ርእሰ ቅትለት ህያው ምስክር ናይ’ዚ’ዩ። ኣብ ድኽነት ምንባር ሓጐስ ይፈጥረልካ ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ሓጐስ በቲ ዘለካ ዓጊቡካን ተማቒልካን ምስ ከባቢኻ ብሰላምን ህድኣትን ምንባር’ዩ። ስለዚ፡ ምንጪ ሓጐስ ሰድራቤት፡ መሓዙት፡ ስራሕ፡ ጥዕና፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ውልቃዊ ክብረት፡ ወዘተ. ክኾውን ይኽእል። እንተዘይኪዩኑ፡ ንሓጎስ ንምድላይ ኣብ ንዋት ክትምርኮስ ኣይግባእን። እምበኣርከስ፡ እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት፡ ሕጉስ ንምኻን ዝሕግዙ’ዮም፦

1. **ብኢትረኽቦ ወጽኢት ምዕጋብ፡** - ኣብ ምንባር፡ ዝመደብካዮ ኩሉ ይሰልጠካ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ገለ እዋን፡ እቲ ኣዚኻ ዝደኸምካሉን ዝጸዓርካሉን ጉዳይ፡ ዘይከም’ቲ ዝሓሰብካዮ ወይ ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ ክኸውን ይኽእል። ፍረ ጻማኻ ባዶ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ፡ ነቲ ዝረኸብካዮ ወጽኢት ምቕባል’ዩ። ንኣብነት፡ ክልተ ሰብ ሓዳር ወላድ ደልየም ብዙሕ ጻዕርታት እናገበሩ ከለዉ፡ ዘይከም ትምኒቶም ወላድ ክረኽቡ ኣይከኣሉን ንበል። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ ነቲ ጉዳይ ንግዜ ገዲፍካን ተሰፋኻ ኣብሪኽካን፡ ደጊምካ ክትጽዕር ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ህይወት ብሓያሉ ፍጻመታት ዝተመልአት ክሳብ ዝኾነት፡ ብዘይጨበጥካዮ ወይ ዘይሰለጠካ ጉዳይ ወትሩ ጅሆ ተታሒዝካ ክትሳቐ የብልካን።

2. **ውልቃዊ ዓወትን ባህታን ምልላይ፡** - ንኹሉ ሰብ ከተሐጉስ ኢልካ ንውሽጣዊ ሓጐስካ ክተህድም ትኽእል ኢኻ። ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ክኸውን ኣይክእልን’ዩ። ስለዚ፡ ንውሽጣዊ ድሌትካ ተማእዚዝካ፡ ኑቲ ክትከውኖ እትኽእል ክትከውን ፈትን። ቀዳምነታትካ ገሲኻ ጠለባት ካልኦት ክተማልእ ምጽዓር፡ ጸቕጢ ፈጢሩ ካብ ብዙሕ መቐረት ህይወት ከታርፈካን ንዓወት ብሞገድ ክትጥምታ ክቕስበካን ይኽእል።

3. **ብዘፈጸምካዮ ስራሕ ምሕባን፡** - ብውሽጣዊ ድሌትካ ተደሪኽካ እትፍጽሞ ነገር ከሐጉሰካ ኣለዎ። እቲ ምንታይ፡ ግብረ-መልሱ ብዘየገድስ ወጽኢት ጻዕርኻ ስለዝኾኑ። ሽሕ ግዜ ዝሰራሕካዮ ስራሕ ዕወት እንተዘይኪዩኑ፡ ተሰፋ ከይቆረጽካ ቀጽሎ። ጀርመናውያን ከምስሉ፡ “ካብ ዋላ ሓደ፡ ዋላ ሓደ የለን” ይብሉ። ስለዚ፡ ገለ ነገር ክትዓምም ይሓይሽ ካብ ዋላ ሓንቲ ዘይምትግባር። ምናልባት፡ እቲ ዘጠቐካዮ ውጥን ክፈሽል ይኽእል’ዩ። እንተኾነ፡ ከይተሓለልካ ምፍታን ናብ እትደልዮ ደረጃ ክወስደካ ዝኽእል መሳልል ምዃኑ ኣይትዘንግዖ። ብዘፈጸምካዮ ክትኮርዕ’ምበር ክትጠዓስ ኣይግባእን።

4. **ንጸገማትካ ኣቃሊልካ ምጥማት፡** ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ሽግር መናብርቲ ደቂ-ሰብ’ዩ። ምናልባት ክብደት’ቲ ዘጋጠመካ ሽግር ክፈላለ ይኽእል ይኾውን። እንተኾነ፡ ኣብ ዓለም ብዘይሽግር ዝሓለፈ ሰብ

ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ውልቃዊ ሽግር ሓላፊ ምዃኑ ኣሚንካ፡ መፍትሒ ንምንዳይ ተዋፈር። ሽግርካ ወይ ጸገምካ ምስ ናይ’ቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ኣውዳድሮ’ሞ፡ ሽዑ ጸገምካ ኣዝዩ ቀሊል ምዃኑ ክተስተብህል ክትጀምር ኢኻ። ከምዚ ዓይነት ኑበስዛዘ ምስ ተካይድ፡ ዝያዳ ብርቱዕ ሓያልን ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎን ትኸውን’ሞ፡ ኣብ መጻኢ ዘጋጥሙኻ ማሰናኸላት ብዓወት ንኽትሰግሮም ኣይትሸገርን።

5. **ኣብ ህሉው ኩነታትካ ምትኳር፡** - ብዙሕ ጸገማት ኣብ ህይወትካ ዘሕለፍካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። የግዳስ ንሕሉፍ ብድሆታት ምጥማት መፍትሒ ዘይምዃኑ ተረዲእ። ምስጢር ዓወት፡ ንሕሉፍ ረሲዕካን ከም መምሃሪ ተጠቒምካን፡ ኣብ ሓድሽ ምዕራፍ ምህላውካ ፈሊጥካ ንቕድሚት ምኽኣስ እዩ። ንኹሉ ተጻዊርካ ዝሓለፍካ ሓያል ሰብ ምዃንካ’ውን እመን። ስለዚ፡ ንሕሉፍካ እናዘከርካ፡ ንመጻኢ ኣብርሂካ ክትሰርሕ ጽዓር። ኣብ ሕሉፍ ኣይትንበር።

6. **ናይ ዕረፍቲ ግዜ ምምዳብ፡** ንኹሉ መደባትካ ግዜ ፍለየሉ። ኑቲ ዝመደብካዮ ንኽትተግብር፡ ንሰብነትካ ኣብቲ መዋቕር ከይትርስዖ ተጠንቀቕ። ኣብ ቀጻልነት ህይወት ደቂ-ሰብ፡ ጥዕና ሓደ ካብ መሰረታዊ ዓንድታት እዩ። ንጥዕናኻ ኣወዚፍካ ክትሰርሕ፡ ክትሓስብ፡ ክትጽዕር፡ ክትዕወት ወዘተ. ምሕላን ኑዊሕ ዘለኮመካ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ምሉእ ጥዕናዊ ብቕዓት ንኽህልወካ፡ ግቡእ ዕለታዊ ኣመጋግባን ፍኹስ ዝበለ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ከተዘውትር ኣለካ።

7. **ኣድካ ዘይምሃብ፡** ትግዕስቲ፡ ተስፋን ዓቕልን ዘይብሎም ሰባት፡ ኩሉ ግዜ ንሽግር ዝተቓልዑ ምዃኖም ኣይትረስዕ። ህይወት ብብዙሕ ፈተነታት ዝተኸበት እያ። ለማጽ ጥራይ ዘይኮነት፡ ሓርኳጽኳጽ’ውን ዝመልኣ እያ። ከምቲ ንኹሉ ነገር መፈጸምታ ዘለዎ፡ ንሽግራትካ’ውን መኸተምታ ከም ዘለዎም ተገንዚብካ ተቓለስ። ኣብ መውዳእታ፡ ፍረ ጻዕርኻ ከም እትሓፍስ እመን። ኣብ ዓለም፡ እቶም ብርቂ ነገር ዝመሃዙ ወይ ዝረኸቡ ሰባት፡ እቶም ብዘጋጠሞም ጸገም ወይ ውድቀት ከይተዳህሉ፡ ምርምራቶም ዝቐጸሉ ምዃኖም ተረዳእ። ንኣብነት፡ እቲ ንዓለም ብዙሕ ምህዞታትን ርኽበታትን ኣበርኪቱ ዝሓለፈ ኣመሪካዊ ቶማስ ኤድሰን፡ ነታ ሎሚ ብዘይብኣኣ ክንሰርሕ እንጽገም ወይ ዘይንኽእል ኣምፑል ሙብራህቲ ክምህዛ ዝኸኣለ፡ ድሕሪ ንሓደ ሽሕ ግዜ ዝኣክል ዝኾየዶ ተደጋጋሚ ፈተነታት’ዩ።

ብሓፈሻ፡ ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ዕንቅፋት ኪጋጥም ንቡር’ዩ። ህይወት ልክዕ ከም ብእሾኽ ዝተኸበት ዕምባባ ጽጌረዳ’ያ። ስለዚ፡ ዘጋጥሙኻ መሰናኽላት ሰጊርካ ሓድሽ ባብ ክትከፍት ተቓለስ። ኑቲ እትውንኖ ኣፍቅሮ፡ ተቐበሎን ኣድንቖን። እንታይ የጋጥመካ ክሳብ ዘይፈለጥካ፡ ብዝሓለፈን ዘሎን ኣይትማረር። ብሕጂ’ውን ዝተረረ ቃልሲ ክጸበየካ ከምዝኽእል ኣሚንካ ጥራይ ሰጉም። ገለ ሰባት ክልተ-ሰለስተ ቅያር ሳእኒ ዘይብልና ኢሎም ከማርሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከባቢኦም ቀሊሕ ምስ ዝብሉ ግን፡ ክልተ መሓውር ዘይብሎም ሰባት ከም ዘለዉ ይግንዘቡ። ስለዚ፡ ንዘለካ ኹሉ ተቐቢልካ፡ ከም ጸገም ዘይኩነ ከም ጸጋታት ጠሚትካ ንውሽጣዊ ሓጐስካ ባዕልኻ ክትፈጥሮ ጽዓር።




### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቃልሲ ንናጽነት ቅድሚ 61 (2ይ) |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ኮንሰርት በዓል ናጽነት |
| 16:00 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:05 | ወድድር መን ዘከረ |
| 19:25 | ፈዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ለይቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | 30 ዓመታት መኸተ ( 5) |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኣድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር 'እዚ ምብራቕ' ይቕጽል



"ስፖርት ንሸለንተናዊ ድልወት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር እዚ ምብራቕ ዝሓለፈ ሰሙን ሰለሰን ቀጺሉ ኒዩሩ።

ሰሉይ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ናይ ኩዕሶ መርበብ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ቀይሕ ኮኮብ ሰዱሕ ዒላን ተጓሊመን። ሰዱሕ ዒላ 2ብ0 ክትዕወት እንከሎ ራስ ዱሜራ ከኣ ንመረብ ብዘመሳሰሊ ወጽኢት ኣፋንያታ።

ኣብታ ዕለት ኣብ ዝበረ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ግጥሚት ኩዕሶ እግሪ መረብን ቀይሕ ኮኮብ ተጻዊቶም። ቀይሕ ኮኮብ ቀዲማ እኳ ካብ ተሰዱ ሽሻይ ሸቶ ኣመዝጊባ እንተነበረት፡ መረብ ግን ካብ በዓል ወሰሎታ ዝኾነ ሪሞንዳ ዘርኣይ ብዝመዝገበቶ ሸቶ 1ብ1 ተፈላልዮ። ሰዒበን ሰዱሕ ዒላን ራስ ዱሜራን ክፋሎማ እንከለዋ፡ ሰዱሕ ዒላ 2ብ0 ተዓዊታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብቕድሚ ትማሊ'ውን ዝቐጸለ እዚ ውድድር፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ፍልፍል ንሰዱሕ ዒላ ሰላም ከኣ ንመረብ ብተመሳሳሊ 3ብ0 ክስዕራኣን እንከለዋ፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ቀይሕ ኮኮብ ንሰላም፡ ፍልፍል ንመረብ ብተመሳሳሊ 1ብ0፡ ራስ ዱሜራ ከኣ ንሰዱሕ ዒላ 2ብ0 ከምዝረትዓኦን ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረዲኡ።

## ባርሳ፡ ሓዲሽ ዳይረክተር ትቐጽር



ተጻዋቲት ጸዋእ ላሊጋ ዝኾነት ባርሰሎና፡ ንፖርቱጋላዊ ዴኮ ከም ሓዲሽ ዳይረክተራ ንምቑጻር፡ ናይ ግዜ ሕተቶ ጥራይ ተሪፉዋ ምህላዉ ምንጪታት ሓብርዎ።

ዳይረክተር ስፖርት እዛ ጋንታ ዘሎ ወዱ ንህቡብ ተጻዋታይ ነበር ዩሃን ክሩፍ ዝኾነ - ጆርዲ ክሩፍ ኮይኑ፡ ነቲ ምስ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ዝበቕዕ ውዕሉ ከምዘይሐድስ ብምግላጹ እዩ እዛ ካታሎኛዊት ክለብ ቦታኡ ንምትካእ ትሰርሕ ዘላ። በዚ'ዩ ድማ ንናይ ቅድም ተጻዋታያ - ዴኮ መዚት ከተቕብሎ ናይ ግዜ ሕተቶ ጥራይ ተሪፉዋ ምህላዉ ዝቃላሕ ዘሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ባርሳ ንብታ ሰርጂ በስኬት ንምትካእ ንኣኸፋፈሊ ባየር ሙኒክ - ጆሹዋ ኪሚክ ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ ኣላ። ኪሚክ፡ ድሕሪ ምብራር ዓለሚ ባየር ዝበረ - ጁሊያን ናግልስማን፡ ካብዛ ክለብ ብምውጽኡ ብደሆ ክፍትን ደልዩ ምህላዉ ይግለጽ። ይኹን እምበር፡ ባርሳ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ማሳርሕ ምትሃርጋር ርቡርቶ ለዋንዶውስኪ ምስ ባየር ዝምድናኣ ብምሽሕካሩ፡ እዚ ናይ ኪሚክ ጉዳይ ቀሊል ከምዘይከውን ብኣጋኡ ይእመት። ሓለቓ ጋንታ ባርሳ ዘሎ - ሰርጆ በስኬት፡ ድሕሪ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ክወጽእ ምኻኑ ኣቐዲሙ ኣፍሊጡ እዩ።

ምስ ማሳርሕ ምትሃርጋር ተጻወትቲ ዝተኣሳሰር ዜና ምስ እንዕዘብ፡ እዛ ጋንታ ምስ ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ - ኢልካይ ጉንዶጋን ኣብ ኣፋዊ/ቃላዊ ስምምዕ ከምዝበጽሐት ተሓቢሩ። ጀርመናዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ማን ሲቲ - ኢልካይ ጉንዶጋን፡ ሽሕኳ ብጋንታኡ ሓዲሽ ውዕል እንተቐረበሉ፡ ንሱ ግን፡ ዛጊት ዝኾነ ስጉምቲ ኣይወሰደን ዘሎ - ክሳብ ምምላእ እዛ ወቕቲ።

## ኣርሰናል፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትታ ናብ ዕዳጋ . . .

ድሕሪ 2017 ንፈለማ ግዜ - ንዓመታ ናብ ሻምፕዮናት ሊግ ክትጻወት ተዳልያ ዘላ ኣርሰናል፡ ኣብዚ ክረምቲ ሓደስቲ ተጻወትቲ ንምምጻእ ትወጥን። ገንዘብ ንምርካብ፡ ገለ ፍሉጣት ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ናብ ዕዳጋ ከተውርድ ከምእትኽእል ይግለጽ ኣሎ።

ካብዞም ክወጽኡ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ዘለዉ ተጻወትቲ ሓደ - ግራንት ቻካ እዩ። እዚ ንብዙሓት ሰሙናት ደገፍቲን እዛ ጋንታ ኣገራሚ ክኸውን ዝኽእል ዜና፡ ድሮ ምዕባለታት ኣብ ምርኣይ ደርኪቡ። ቻካ፡ ድሮ ብውልቁ ምስ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ለቨርኩሰን ክሳብ 2027 ክጻወት ከምዝተሰማምዐ እዩ ዝግለጽ።

ኣብዚ እዋን ቀዳማይ ዕላማኣ ንእንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ ክለብ ዌስትሃም ዴክላን ራይስ ገይራ ዘላ ኣርሰናል፡ ካብ ጋንታኡ ናይ መውጽኢታ ዋጋኡ ንምኽፋል ትጸበ ምህላዋ ቅርብቲ ዘለዉ ወገናት የረድኡ። በዚ ድማ፡ ገንዘብ ንምርካብን ንራይስ ቦታ ንምግዳፍን ንቻካ ከተፋንዎ ምኻና ይቃላሕ ኣሎ።

### ኪራን ቲርኒ

ዝሓለፈ ዓመት ሓደ ካብ ወሳኒ ተጻወትቲ ኣርሰናል ዝበረ - ቲርኒ፡ ኣብዚ ወቕቲ ግና ቦታኡ ካብ ማን ሲቲ ብዝመጽአ - ኦሌክሳንደር ዚንቸንኮ ተመንጢሉ ብቐጻሊ መንበር ተቐያሪ የማሙቕ ምህላዉ ይፍለጥ። በዚ ድማ ኣብዚ ማሰኮት ምትሃርጋር፡ ብቐጻሊ ቦታኡ ናብ ዘውሕሶ ክለብ ክስጋገር እዩ ይብሉ - ክኢላታት ማሳርሕ ምትሃርጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ።

ኣቐዲሞ ኣብ ራዳር ማን ሲቲ ኣትዩ ምንባሩ ዝተገልጸ ዝበረ - ቲርኒ፡ ኣብዚ እዋን ቀላሕታ ኒውካስልን ኣስቶን ቪላን ረኺቡ ምህላዉ ይእመት። ኣርሰናል ከኣ ካብዚ ተጻዋታይ ገለ ገንዘብ ክሰብ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ጸንሒቱ ክትውድኣሉ ይግመት።

### ኤሚል ስሚዝ ሮው

ብሰንኪ ማሰቦርቲ ብርክት ዝበሉ ግጥሚት ድሕሪ ምኽሳሩ ናብ ሜዳ ዝተመልሰ - ስሚዝ ሮው፡ ሓደ ካብቶም ቦታኦም ውሑስ ዘየለ ተጻወትቲ እዩ። ኣርሰናል፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ማሰመር መጥቃዕታ ዝሓሸ ኣማራጺታት ስለዘለዋ፡ ኣብ ክራምቲ ዝያዳ ኣብ ማሰመር ምክፍፋል ሓይላ ንምቕራብ እያ ኸቲላ ዘላ። በዚ ድማ እዚ መንእሰይ ተጻዋታይ ክፋኖ ይኽእል እዩ። ኣርሰናል፡ ንስሚዝ ሮው ቅድሚ ክልተ ዓመት ካብ ኣስቶን ቪላ ዝመጽአ ሕቶ ምፍራም፡ "ኣይሸየጥን እዩ" ብምባል ከምዘጽገቶ ይፍለጥ።

### ኑኖ ታቫረስ

ኣብዚ እዋን ብልቓሕ ማልያ ፈረንሳዊት ክለብ ማርሴ ለቢሱ ዘሎ - ታቫረስ፡ ኣብዛ ለንደናዊት ክለብ ነዊሕ መጻኢ ካብ ዘይብሉም ተጻወትቲ ምኻኑ ይእመነሉ። እዚ ናይ ጸጋም ናይ ክንፊ ተኸላኻሊ፡ ኣብ ማርሴ ቀዲሙ እኳ ጸቡቕ እንተነበረ፡ ኣብዚ እዋን ግን፡ ብመጠኑ ሰንደልደል ክብል ደርኡ ምህላዉ ይትንተን።

ምናልባት ኣርሰናል ቀዲማ ንቲርኒ እንተኣፋንያቶ ኮይና ዝመጽእ ዓመት መተካእታ ዚንቸንኮ ክኸውን ከምዝኽእል እኳ ግምት እንተሃለወ፡ ኣርቴታ ግና፡ ኣብ ልዕሊኡ ምሉእ እምነት ከህልዎ ዘለዎ ተኸእሎ ስሉሑ እዩ ይብሉ ፈለጥቲ። ብዘይካ ታቫረዝ ሳምቢ ለቶንጋ እውን ኣብዛ ጋንታ ብሩህ መጻኢ ከምዘይብሉ ይግለጽ።

### ፍሎሪን ባሎጉን

ኣርሰናል ኣብዚ ክረምቲ ዓቢን በሊሕን ውሳኔ ደጸብያ ምህላዉ ይግለጽ - ኣብ ጉዳይ ባሎጉን። ብልቓሕ ምስ ፈረንሳዊት ክለብ ረሚስ ዘሎ - ባሎጉን፡ ኣብዚ ወቕቲ ስሙ ከለዑ እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ሓንሳብ ኣብ ሰሌዳ ኣመዝገብቲ ሸቶ ቅድሚት ተሰሪዑ ዝበረ እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ እዋን ሰፊሕ ቀላሕታ ረኺቡ ብምህላዉ ድማ እዩ ኣርሰናል ኣብ ጉዳዩ ዓቢ ውሳኔ ዝጸበያ ዘሎ። ገለ ምንጪታት ከኣ ክወጽእ ትጽቢት ከምዝኾበረሉ ይጽብጽቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብልቓሕ ኣብ ፋልሃም ዘሎ - ሰድሪክ ሶኣረስ፡ ሮብ ሆልዲንግ፡ ኣስቶን ትሩስቲ፡ ረስ ኔልሶንን ቻርሊ ፓቲኖን ኣብዚ እትመጽእ ክረምቲ ንኣርሰናል ክፋነውዋ ይኽእሉ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ብልቓሕ ምስ ሳውዝሃምፕተን ዘሎ - ሜይትላንድ-ኒለስን፡ ብተመሳሳሊ ብልቓሕ ምስ ሞንዛ ዝጻወት ዘሎ - ፓብሎ ማሪ ምፍናዎም ኣቐዲሙ ተረጋጊጹ እዩ። እንተ መጻኢ ሂካሳ ፐፐ ግና ንጹር የለን። ማሳርሕ ምትሃርጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ 2023፡ ዝመጽእ ወርሒ ክኽፈት እዩ።



## ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ጉዳይ ማነ ኣትያ



እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብ ጉዳይ እቲ ኣብ ባየር ሙኒክ መጻኢ ከምዘይብሉ ዝተገልጸ - ሳድዮ ማነ ከምዝኣተወት ናይ ትማሊ ሕታም ጋዜጣ ደይሊ መይል ኣረዲኡ።

ሴኔጋላዊ ማነ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ሊቨርፑል ናብ ባየር ሙኒክ ምስግጋሩ ይዝከር። ዋላ'ኳ ኣብ ቀዳሞት ግጥሚት ሸቶ ብምቑጻር ሰሓቢ ምንቅስቓስ የርኢ እንተነበረ፡ ግዳ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ከምዝተዛየ ይግለጽ። ብዓቢኡ ካብቲ ዓርሞሽሽ ኣህጉራዊ ውድድር ክበኩር ዝተገደደ - ማነ ድሒሩ ናብ ክለቡ ኣብ ዝተመልሰሉ'ውን ምሕር ክጋደል ደርኣ ኣሎ። ብፍላይ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ድሕሪት ኣንጻር ማን ሲቲ ዘካየድዎ ጸወታ ንወዲ ጋንታኡ ሳነ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ብገሰጢ ብምህሳሉ፡ ዛዕባ ክኸውን'ን ክቐጻዕን ተቐሲቡ ነይሩ።

ብመሰረት ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ዝወጸ ዜና፡ ንናግልስማን ተኪኡ ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ኮይኑ ዘሎ - ቶማስ ቱኸል፡ ማነ - ኣብ ጋንታኡ መጻኢ ከምዘይብሉ ሓቢሩ እዩ። ቱኸል ኣብ ቀዳማይ ማስመር ብቐፅዕ ቁጽሪ 9 ደልዩ ምህላዉ'ውን ይግለጽ። ባየር፡ ቀዋሚ ኣጥቃዒ ለዋንዶውስኪ ናብ ባርሳ ድሕሪ ምትሃርጋሩ ብቑዕ ኣጥቃዓይ ከምዘይረኸበት እዩ ዝትንትን።

በዚ ድማ፡ ድሮ ገለ ክለባት እንግሊዝ ንማነ ናብ መሳርዐን ንምጽምባር ተገዳሰቲ ኣርእየን ምህላወን ምንጪታት የረድኡ። እዞም ምንጪታት፡ ማነ ካብ ባየር ምስ ዝወጽእ ናብ - ቸልሲ፡ ኣርሰናል፡ ኒውካስል ወይ ከኣ ናብ ናይ ቅድም ክለቡ ሊቨርፑል ክስጋገር ከምዝኽእል ብኣጋኡ ኣሚቶም ጸኒሖም። ናይ ትማሊ ሕታም ጋዜጣ ደይሊ መይል ከኣ፡ ማን ዩናይትድ፡ ኣብዚ ማሳርሕ ኣትያ ምህላዋ የረድአ። ብዋንጻ ርእሱ'ውን፡ ማነ ዓመታዊ ዝኽፈሎ ክሽፍና ዓቕሚ ዘለወን (ኣብ ባየር 17.4 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝኽፈል ይግለጽ) ክለባት ፕሪመር ሊግ ጥራይ ከምዝኽእላ ክኢላታት የረድኡ። ክለባት ኢጣልያ ወይ እስጳኛ ከም ኣማራጺ ዝጠቕሳ ምንጪታት'ውን ኣይተሳእናን።

## ቦኑቺ ወሲኑ



ኢጣልያዊ ተኸላኻሊ ጁቬንቱስ - ሊዮናርዶ ቦኑቺ ውዕሉ ኣብ ሰነ 2024 ምስ ኣብቅዐ ጥሮታ ክወጽእ ምኻኑ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣፍሊጡ።

እዚ ምኩር ተኸላኻሊ፡ ኣብ 2005 ምስ ኢንተር ሚላን ፕሮፈሽናል ጉዕዞኡ ድሕሪ ምፍላሙ፡ ን18 ዓመታት ኣብ ስራዕ ጸወታ ደርኪቡ። ንኣርባዕተ ዓመታት ንኢንተር ሚላን ክጻወተላ ዝጸንሐ - ቦኑቺ ዝያዳ ካብ 2010 ክሳብ 2017 ማልያ ጁቬ ለቢሱ ኣብ ዝተሰለፈሉ እዩ ብሉጽ ተኸላኻሊ ምኻኑ ከመስከረሉ ክኢሉ። ኣብ ወቕተ-ስፖርት 2017-18 ናብ ኤሲ ሚላን ብምግዓዙ ንደገፍቲ ጁቬ ኣሕሪቑ ዝበረ - ቦኑቺ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ደጊሙ ናብዛ ዓበይቲ ጸዋኣት ዝዓተረላ ክለብ ብምምላስ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምጽዋት ደርኪቡ።

"ዝመጽእ ዓመት ናይ መወዳእታ ናይ ጸወታ ዘመናይ ክትከውን እያ።" ክብል ምስ ቻነል ክለቡ ኣብ ዝገበሮ ቃለምልልስ ዝተዛረበ - ቦኑቺ "ኣብ ጁቬ ብዝሰራሕክዎ ኩሩዕ እየ።" ኢሉ።

ሓደ ካብ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ናይ ወለዶኡ/ግዚኡ ምኻኑ ዝግለጽ - ሊዮናርዶ፡ ብማልያ እዛ ዓርሞሽሽ ክለብ 500 ዝተፈላለዩ ግጥሚት ኣካይዱ እዩ። ሓንቲ ግዜ ምስ ኢንተር ሚላን ሸሞንተ ግዜ ምስ ጁቬንቱስ ብምዃን ትሸዓተ ጸዋእ ሰሪኣ ክዕትር ብምኽኣሉ፡ ድሕሪት 10 ግዜ ዝዓተረ ወዲ ሃገሩን ጋንታኡን ነበር - ጂያን ሉዊጂ ቡፎን ተሰሪዑ ደርኪቡ። ቦኑቺ 120 ግጥሚት ንሃገሩ ዝወከለ ክኸውን እንከሎ፡ ዋንጫ ኤውሮጳ 2020 ክዕትር በቒዑ እዩ። እንተ ኣብ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ግና፡ ወላ'ኳ ጁቬ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2014-15 ከምኡ'ውን 2016-17 ኣብ ፍጻመ በጺሓ እንተነበረት፡ ብተኸታታሊ ብእስጳኛውያን ጋንታታት ባርሰሎናን ሪያል ማድሪድን ብምስዓራ ግና፡ ብሩር መዳልያ ከንጠልጥል እዩ ተቐሲቡ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ኒውካስል - ብራይቶን 9:30 ምሸት

ኤውሮፓያን ሊግ ፍርቂ ፍጻመ ካልኣይ እግሪ

ሰዓት 10:00 ምሸት

ባየር ለቨርኩሰን - ሮማ (ቀዳማይ እግሪ 0-1)

ሰቪያ - ጁቬንቱስ (ቀዳማይ እግሪ 1ብ1)

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ናይጀርያ - ኣብ ልዕሊ ቃፍላይ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ



ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ናይጀርያ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት፡ ኣብ ልዕሊ ኣሰራሕተኛታት ኤምባሲ ኣመሪካ ዓጂቡ ዝጉዓዝ ዝነበረ ቃፍላይ ብዘኸፈቱዎ ናይ ድብያ መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ ኣርባዕተ ሰባት ከምእተቐትሉ ተገሊጹ።

ፖሊስ ናይቲ ከባቢ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መጥቃዕቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ክፍሉ-ሃገር ኣናምብራ ከምዝጋጠመ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ክልተ ካብ'ቶም ግዳያት ሰራሕተኛታት ቆንስል ኣመሪካ፡ እቶም ዝተረፉ ክልተ ድማ ዓጀብቶም ዝነበሩ ኣባላት ጸጥታ ምዃኖም ኣመልኪቱ።

እቶም ዕጡቓት፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ብርክት ዝበሉ ተሽከርከርቲ ብምቕጻል፡ ንስለስተ ካልኦት ሰባት'ውን ጨውዮም ከምዝወሰዱዎም'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ኣመሪካ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ ድማ፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝተቐትሉ ይኹን ዝተጨውዩ ዜጋ ከምዘይብላ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ምስ ኣገልግሎት ጸጥታ ናይጀርያ ብምትሕብባር ነቲ ፍጻመ ተጻርዮ ከምዝካየድ ኣፍሊጣ።

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ኣብታ ክፍሉ-ሃገር ብዘጋጥም ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ ዝጠዝዐ ግዜ ነቲ 'ምንቅስቓስ ደቀባት ህዝቢ ቢያፍራ' ዝበሃል ናይ ምንጻል ኣጀንዳ ዘለዎ ዕጡቕ ጉጅለ ከምዝኸሰሶ'ዩ ዝገልጽ።

## ኣመሪካ፡ ንዩክሬን ዝለኣኸትላ መከላኸሊ ሚሳይል ብሩስያ ከምዝተሃርመ ተኣሚና

ዩክሬን ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት ስርሓት ኣመሪካ ዝኾነ 'ፓትሪዮት' ዝተሰምየ ሚሳይል መከላኸሊ ኣየር፡ ልዕሊ ድምጺ ቅልጣፈ ብዘለዎ ሚሳይል ሩስያ ተሃሪሙ ማጠቱ ዘይተፈልጠ ጉድኣት ወሪዱዎ ክኸውን ከምዝኽእል፡ ክልተ ሰበስልጣን ዋሽንግቶን ተኣሚኖም።

እቶም ኣስማቶም ዘይተጠቕሱ ሰበስልጣን ዝሓለፈ ሰሉስ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ መከላኸሊ ሚሳይል፡ ዩክሬን ብሰማይ ካብ ሩስያ ንዝፍነወላ - ንኣገዳሲቲ ትሕተ-ቅርጺታት ዒላማ ዝገበረ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ንምምካን ተባሂሉ ብኣመሪካ ዝተላእከላ ምዃኑ ገሊጾም።

ኣመሪካን ዩክሬንን እቲ ብዘጋጠሞ ጉድኣት ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኩይኑ ዘሎ መከላኸሊ ሚሳይል ክጽገኑ ዝኽእል ዝሓሸ መንገዲ ንምንዳይ ብስቱር ዝርርብ ጀሚረን ክኾና ከምዝኽእል'ውን እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም ጠቒሶም።

ብመሰረት እቲ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ፡ ኣብዘን ዝቕጽላ መዓልታት ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ዝምልከት ዝበለጸ መረዳእታ ክትረክብ ስለእትኽእል፡ እቲ ዘሎ ሓበሬታ ምስ ግዜ ክቕየር ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።



ፓትሪዮት ሚሳይል፡ ኣመሪካ ካብ እተፍርዮን እትውንኖን ዝተፈላለየ መከላኸሊ ኣየር እቲ ኣዝዩ ዝተራቐቐ ኩይኑ፡ ንፈርቲ ውግእ፡ ክሩዝን ባለስቲካውን ሚሳይላት ኣኳሊሙ ክወቅዕ ተባሂሉ ዝማዕበለ እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ነቲ ካብ መሬት ናብ ሰማይ ዝውንጨፍ መከላኸሊ ሚሳይል፡ 'ኪንዛል' ዝተባህለ ካብ ድምጺ ብ10 ዕጽፊ ዝዛይድ ፍጥነት ዘለዎ ሚሳይል ተጠቒሙ ከምዝሃሞ ኣፍሊጡ ነይሩ።

## ቻይና፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ጃልባ ጥሒላታ

ኣብ ማያት ህንዳዊ ውቅያኖስ፡ ዋንነት ቻይናውያን ገፊፍቲ ዓሳ ምዃና ዝተነገረላ ጃልባ፡ ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ከምዝጠሓለት ተገሊጹ።

ኣገልግሎት ቴለቪዥን ቻይና (CCTV) ኣብ ዝዘርግሖቶ ሓበሬታ፡ እታ ጃልባ ዝሓለፈ ሰሉስ ንግሆ ኣብ ማእከል ህንዳዊ ውቅያኖስ ከምዝጠሓለት ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ምስኣ ዝነበሩ 39 ሰራሕተኛታት ብምሉኦም ደድሆም ጠፊኦ ከምዝሎ ሓቢሩ።

እቶም ሰራሕተኛታት፡ 17 ቻይናውያን፡ 17 ኢንዶኔዥያውያን፡ 5 ድማ ፍሊፒናውያን ከምዝኾኑ'ውን እታ ቴለቪዥን ወሲኻ ኣመልኪታ።

ዋላኺ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ ንቶም ጠፊኦም ዘለዉ ዜጋታት ንምድሓን ዝተወሃሃደ ናይ ምድላይ ስርሒት ክካየድ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ እንተሎ፡ ክሳብ ሕጂ ብህይወት ዝተረኽበ ሰብ ከምዘየለ ይሕብር።

እታ ጃልባ ጥሒላትሉ ዘላ ከባቢ ብልክዕ ኣበይ ምዃኑ ፍሉጥ ብዘይምዃኑ፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ ህይወት ናይ ምድሓን ማስርሕ ክዕወት ዘሎ ተኽእሎ ምህሙን ምዃኑ ድማ፡ ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይገልጹ።

እታ ዓሳ ክትገፍፍ ፍቓድ ዝነበራ ጃልባ፡ ብ5 ግንቦት ካብ ከተማ ኬፕታውን - ደቡብ ኣፍሪቃ ድሕሪ ምብጋሳ፡ ብማያት ህንዳዊ ውቅያኖስ ኣቢላ ናብ ገማግም ባሕሪ ደቡብ ኮርያ ኣብ እተምርሓሉ ዝነበረት እዋን'ዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ - ብመሰረት ሰብመዚ ቻይና።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ማላዊ 37 ሰብ ኣሳፊራ ብቐላይ ትጉዓዝ ዝነበረት ጃልባ ካብ ሓደ ጉማሪ ብዘጋጠማ መጥቃዕቲ ተገምጢላ ድሕሪ ምጥሓላ፡ 23 ሰብ ደድሆም ከምዝጠፍኡ ተሓቢሩ።

ንግዳያት ናይ ምድሓን ማስርሕ ይካየድ ከምዝሎ ዝጠቐሱ ሰብመዚ'ታ ሃገር፡ ሞይቶም ከይኮኑ ስግኣት ከምዘለዎም ገሊጾም።



## ህንዲ - ከራሻት ኣባላት ፖሊስ ስርሖም ክገድፉ ይሕተቱ

ሓለዋት ኣዘዝቲ ፖሊስ ክፍሉ-ሃገር ኣሳም - ህንዲ፡ ልዕሊ ሚዛን ዝኾኑ ከራሻት ኣባላቶም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክብደቶም ክጎድሉ እንተዘይክኢሎም፡ ካብ ስራሕ ከሰናብቱ ምዃኖም ኣፍሊጦሞም።

ዋና ዳይረክተር ጀነራል ፖሊስ እታ ክፍሉ-ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ ዝመጽእ ክፍላ-ኑሓሰ ንደሓር፡ ሚዛን ኣካላት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ፖሊስ፡ ብመንጽር ቁመቱ ተለኪዑ ሞያዊ ብዘኾኑ ኣካላት ክስከድ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ከሎም ከራሾም ዘለዉ ኣባላት ፖሊስ ክሳብ ዝመጽእ ሕዳር ክብደቶም ከጉድሉ ዕድል ተዋሂቡዎም ከምዝሎ ሓቢሩ።

ክሳብ'ዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ክብደቱ ክጎድል ዘይክእል ኣባል ፖሊስ ግን፡ ካብ ስራሕ ክፋኖ ምዃኑ እቲ ብዓልስልጣን ወሲኹ ኣጠንቂቑ።

ቅድሚ ሓደት ሰሙናት'ውን ሓደ ሓለዋይ ብዓልስልጣን እታ ክፍሉ-ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣስታት 300 ኣባላት ፖሊስ ብሰንኪ ዘለዎም ከረሻን ናይ መስተ (ኣልኮል) ወልፈን፡ ካብ ስራሕ ናይ ምስንባት ስጉምቲ ክውሰደሎም ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ ህንዲ፡ ልዕሊ ሚዛን ንዝኾኑ ኣባላት ፖሊስ ካብ ስራሕ ናይ ምብራር ሃቐነ ሕጂ ኣይኮነን ንፈለማ ግዜ ዝሰማዕ ዘሎ።

ንኣብነት ኣብ 2018፡ ኣብ ደቡባዊት ክፍሉ-ሃገር ካርናታካ ዝሰርሑ ኣባላት ፖሊስ ተመሳሳሊ መምርሒ ተዋሂቡዎም ምንባሮም ጸብጻባት የመልክቱ።



## "ድኻታት ሃገራት፡ ንጉጅለ-7 ልዕሊ 13 ትሪልዮን ዶላር ይእውዳኣን" ኦክስፋም

ኣባላት ጉጅለ-7 ዝኾና ሃብታማት ሃገራት፡ ነተን ኻ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ድኻታት ሃገራት በብእዋኑ ዝተመብጽዓለን ግን ድማ ክሳብ ሕጂ ዘይተኸፍለ 13.3 ትሪልዮን ዶላር ዕዳ ከምዘለወን፡ 'ኦክስፋም' ዝተባህለ ኣህጉራዊ ግብረሰናይ ማሕበር ኣፍሊጡ።

እቲ ግብረሰናይ ማሕበር ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ሃገራት ጉጅለ-7 ነቲ ንልምዓትን ዓለማዊ ዋዒ ንምምካትን ኢለን ዝኣተዋለን ፊናንስያዊ መብጽዓ ኣብ ክንዲ ዝፍጽማ፡ ብኣንጻሩ ካብ'ተን ድኻታት ሃገራት መዓልታዊ 232 ሚልዮን ዶላር ክፍሊት ዕዳ ክፍጽማለን ይጠልባ ከምዘለዋ ወቒሱ።

"ሃብታማት ሃገራት ጉጅለ-7፡ ንዑበሰን ከም መድሕን ድኻታት ሃገራት ገይረን እየን ዝቐጽራኦ፡ እንተኾነ፡ እቲ ዝኽተልኦ ዘለዋ ኣሰራርሓ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ድርብ ዕያር ዘለዎ እዩ" ዝበለ ኦክስፋም፡ እቲ ኣካይዳ ነቲ ዝነበረ መግዛእቲ ብኻልእ መልክዑ ንምቕጻል ከምዝዘሰል ኣመልኪቱ።

ኦክስፋም ኣብ መግለጺ'ዚ ዘውጸኦ ዘሎ፡ መራሕቲ ሃገራት ጉጅለ-7 ዓመታዊ ዋዕላኦም ንምክያድ ናብ ጃፓን ኣብ ዝበገሱሉ ዘለዉ እዋን'ዩ።

ምዕቡላት ሃገራት፡ ነተን ንባህርያዊ ሓደጋታት ምሓር ዝተቓልዓ ዝበዝሓ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ካብ 2020 ክሳብ 2025 ዝቕጽል ዓመታዊ 100 ቢልዮን ዶላር ክህባኦን ኣብ 2009 መብጽዓ ኣትዩናለን'ኳ፡ እንተነበራ፡ ብዘይካ ጃፓን፡ እተን ዝተረፉ ሃገራት መብጽዓአን ክሳብ ሕጂ ከተግብራ ኣይከኣላን ዘለዋ - ብመሰረት ኦክስፋም።

ጉጅለ-7፡ ብድምር ኣስታት 6.5 ትሪልዮን ሃብቲ ዝውንኑ ልዕሊ ሓደ ሽሕ (1,123) ቢልየነራት ዝርከባለን ሃገራት እየን።

ብመሰረት ጸብጻብ ኦክስፋም፡ ሃብታማት ሃገራት ናብ ኣየር ዝተፍኣኦ በከልቲ ጋዛት፡ ነተን ትሑታትን ማእከላይን እቶት ዘለወን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዋጋ 8.7 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ክሳራታትን ዕንወትን ኣውሪዳለን ኣሎ።






| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት | 18/05/2023 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565